# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.259 | ሓሙስ 29 ሰነ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
እስካቡሊ'ን ስካቡሊ ይፈልጦ



ገጽ 4
ተረኺቡቲ ሕድሪ፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት


ገጽ 5
እስካቡሊ'ን ስካቡሊ ይፈልጦ


ገጽ 7
ዙር ፈረንሳ 2023 . . .



# ዒድ ኣልኣድሓ ኣልሙባረክ፡ ብልዑል መዓርግ ተባዒሉ




ዒድ ኣልኣድሓ ኣልሙባረክ ናይ 1444 ሂጅርያ፡ ትማሊ 10 ዙልሕጃ ማለት 28 ሰነ 2023 ብኹሉ ዝለዓለ መዓርግ ተባዒሉ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ - ሜዳ ባሕቲ መስከረም፡ ላዕለዎት ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ኣምባሳደራትን ካልኦት ዲፕሎማስያዊ ኣካላትን ከምኡ'ውን ኣሽሓት ኣመንቲ ዝተሳተፍዎ ስነስርዓት ሓባራዊ ሰላት ተኻይዱ።

መፍቲ ኤርትራ ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ኣብ ዘስመዕዎ ንትርጉም ዒድን መልእኽቱን ዝገለጹሉ ኹጥባ፡ ዒድ ኣልኣድሓ ክብርታት ማዕርነት ከምኡ'ውን ሰላም ምስ ኑብሶኻን ከባቢኻን ዝደምቀሉ ከምዝኾነ ገሊጾም።

ሼኽ ሳልም፡ ገዛእቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ መጀመርታ 1970ታት ኣብ ሻብርንጋቓ - ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ዝፈጸምዎ፡ ህይወት 57 ንጹሃን ኤርትራውያን ዝቐዘፈ ግፍዒ ኣብ መዓልቲ ዒድ ኣልኣድሓ ከምዝዘከረ፣ እዚ ደማ ኣካል ናይ'ቲ ሰለ ሃገርን ናጽነትን ዝተኸፍለ ክቡር ዋጋ ከምዝኾነ ብምጥቃስ ዚ ግፍዒታት'ዚ እንዝክረሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ክንሓልዎን ቀርሕንቲ ክንሕዝን ዘይኩኑ ኣብ ዝሓለፈ ንዝወረደና ኣደራዕ ገዛእቲ እናዘከርና፡ ኑቲ ብረዚን ዋጋ ማሳወኣቲ ዝረኸብናዮ ናጽነትን ክብረትን ክንዕቅብ ሕድሪ ከምዘሎና፣ ሰድራ ስውኣት ምንባይ ድማ ሓላፍነትና ከምዝኾነ ንምዝኽኻር ምኽኑ ኣብሪሆም።

መፍቲ ኤርትራ ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ንዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓለዋን ህንጻትን ሃገር ንዘርከቡ ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ "የሃና" ኢሎም።

እቲ ስነስርዓት፡ ኣብ'ቲ ሓባራዊ ሰላት ዒድ ዝተሳተፉ ምእመናን ሰላምን ይቕረታን ብምብህሃልን ሰናይ ምጽዋት ብምግላጻን ተዛዚሙ።

# ኤርትራውያን ተቐማጦ ጁባ፡ ኣብ ምሕያል ማሕበራዊ ውዳበታት ዘትዩም

ኤርትራውያን ተቐማጦ ጁባ - ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳን፡ ብ25 ሰነ ኣብ ዝገበርዎ ኣኼባ፡ ኣብ ምሕያል ማሕበራውያን ሓይልታት ዘትዮም።

ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ኣካየድቲ ማሕበረኮም፡ ሃገራዊ ሽማግለ፡ መንእሰያት ህግደፍ፡ ማሕበር ቦጦ፡ ከምኡ'ውን ወደብቲ ስፖርታውያን ጸብጻብ ንጥፈታቶም ብምቕራብ፡ ኣብ ቀጻሊ ንምዕባይ ዝተሓስቡ ጋንታታት ተሳቲፎም ነይሮም።

ኣምባሳደር የውሃንስ ተኽለሚካኤል ኣብ ኣገዳስነት ምጥርናፍ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ዝተራእየ ሓያል መኸተን ዝተረኽበ ዓወታትን ውጽኢት ንቑሕን ድልዱልን ጥርናፈታት ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚን ኪኖኡ'ን'ውን ብዝለዓለ ክቕጽል ከምዝግባእ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ኣብ'ተን ቁይመን ዘለዋ ማሕበራውያን ሓይልታት ተጠርኒፎም ከሐይልወን፣ ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት ድማ ካብኦም ዝሕተት ከማልኡ ለበዋ ቀሪቡ።




# ልዕሊ 658 ሽሕ ናቕፋ፡ ሓገዝ ንስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ

ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ውሽጢ ሃገር ዝነብሩ ዜጋታት፡ "ምእላይ ስድራ ስውኣት ሓላፍነት ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ'ዩ" ኣብ ዝብል እምነት ተበጊሶም፡ 658,500 ናቕፋ ሓገዝ ኣበርኪቶም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ 70,380 ናቕፋ፡ ኣባላት ቤት-ጽሕፈት ባህልን ስፖርትን 12,500 ናቕፋ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ መጻሉ 39,750 ናቕፋ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣምሁር 37,000 ናቕፋ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ማእከል ከተማ 29,700 ናቕፋ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሃዳሙ 26,300 ናቕፋን 12 ኩንታልን ፊረቓን እኽሊን፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ወርቂ 15,500 ናቕፋ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣፈልባ 5,630 ናቕፋ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ጋዴን 5,500 ናቕፋ፡ ከምኡ'ውን ነበርቲ ዳምባ 4,240 ናቕፋ ወፍዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሓውሲ ከተማ ማይ-ዕዳጋ ናይ 22፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣፈልባ ድማ ናይ 5 ስድራ ስዉኣት ግራውቲ ክሕረስ ከሎ፡ ኣብ ሓሬን 60 መንእሰያት ተመሃሮ ናይ 4 ስድራ ስውኣት ኣባይቲ ጸጊኖም።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ - ሰራሕተኛታት መንግስቲ 101 ሽሕ ናቕፋ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ከኣ 90 ሽሕ ናቕፋ ኣበርኪቶም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ድማ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ግንባርን 78 ሽሕ ናቕፋ፡ ሰራሕተኛታት ፋብሪካ ፕላስቲክ ኮኾብ 10 ሽሕ ናቕፋ፡ ኣተለት ናህም ኤርሚያስ 3 ሽሕ ናቕፋ፣ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ጸሮና ድማ 24 ሽሕ ናቕፋ ሓጊዞም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ - ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስቲ 66 ሽሕ ናቕፋ፣ ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ድማ ልዕሊ 40 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስዉኣት ተኸፋፊሉ።

ዜና

# ኤርትራውያን ነበርቲ ኩዌትን ካናዳን፡ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ቃሎም ኣሐዲሶም



ኤርትራውያን ነበርቲ ኩዌት፡ ከምኡ’ውን ኪችነርን ወተርሉን - ካናዳ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ ኣብ ዝወደብዎ መደባት ዝኽሪ ሓበኑ፡ ሕድሪ ሰማእታት ብወፉይ ስራሕ ንምትግባር ቃሎም ኣሐዲሶም።

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ኩዌት ብ23 ሰነ ኣብ ዘኻየዶ ብምብራህ ሽምዓ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦን ምርኢት ሰነዳዊ ፊልምን ዘጠቓልል ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ቈልዑ በዚ ክብረታት’ዚ ክኹስኮሱ ስድራቤታት ዝጉበርኦ ዘለዋ ጻዕሪ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ተቓማጦ ኪችነርን ወተርሉን - ካናዳ ኣብ ዘቃልዕዎ ተመሳሳሊ መደብ ድማ፡ ንመሰነዪ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት 6,664 ዶላር ካናዳ ተወፍዮ።

## ናቕፋ - መስመር መጎዓዝያ ብወፈራ ይጽገን ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ - ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣበሎ፡ ኣግራዕን ከተማ ናቕፋን፡ ከምኡ’ውን ሰራሕተኛታት ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ፡ ካብ ናቕፋ ብኣበሎ ኣቢሉ ናብ ኣግራዕ-ታሓትን ኣግራዕ-ለዓልን ዝኣቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ ብወፈራ ይጽግኑ ኣለዉ።

ተሳተፍቲ ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ብኣጻድፍን ሰንጭሮታትን ሓመድ-ደብሊይ ዝሓልፍ ዝነበረ ጽርግያ፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ እናተበላሸወ ንምንቅስቓስ ተሸከርካሪ ጸገም ብምፍጣር ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸገማት የስዕብ ምንባሩ ብምግላጽ፡ ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ግን ብውሑስ ቦታ ከምዝሓልፍ ገይሮም ሓድሽ መስመር ይጽርጉ ከምዘለዉ ኣብሪሆም።

ኣብ’ቲ ልዕሊ 200 ጉልበት ሰብ ዝሳተፍዎ ዘለዉ ወፈራ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዝገበሮ እኹል ቀረብ መሳርሒታት፡ ኣብ ኣሳልጦ ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ፡ወደብቲ ናይ’ቲ ወፈራ ሓቢሮም።

## ሓመልማሎ - ኣብ ሕጊ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ንህዝቢ ምምሕዳራት ከባቢ ፍሉዳርብ፡ ሓመልማሎን ለበናን ኣብ ሕጊ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

እዚ ኣዚ ካልኣይ መደበር ፖሊስ ከረን ተለንተ እያብ ተስፋዝጊ ንልዕሊ 1,800 ተሳተፍቲ ዝሃቦ ኣስተምህሮ፡ ኣምርን ዕላማን ሕጊ፡ ጸጥታ ከባቢ፡ ዝምድና ህዝብን ፖሊስን፡ ተራ ህዝቢ ኣብ ምግታእ ገበናትን በደላትን፡ ከምኡ’ውን ተራ ዓበይቲ ዓዲ ኣብ ምፍታሕ ቀለልቲ ጉዳያት ዘጠቓለለ’ዩ ነይሩ።

ኣብ 2022 ንዝተኸስተ ገበናትን በደላትን ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ዝሃበ ተለንተ እዮብ፡ ህዝቢ ኣብ ሕጊ ዘለዎ ኣፍልጦ ብምብራኹ፡ ገበን ከይፍጸም ክከላኸል፡ ምስ ዝተፈጸመ ድማ ከቃልዕ ብዕቱብ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ኣብ ንኡስ ዞባኦም መደበር ፖሊስ ክኽፈት፡ ብፖሊስ ዝወሃብ ኣስተምህሮታት ድማ ክቕጽል ተላብዮም።

## ደቡብ - ልዕሊ 2.4 ሚልዮን ፈልሲታት ኣግራብ ክትከል እዩ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ሎሚ ዝበጽሕ ክረምቲ ልዕሊ 2 ሚልዮንን 400 ሽሕን ፈልሲታት ኣግራብ ክትከል ምዃኑ፡ ወኪል በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዞባ ደቡብ ኣቶ ጉብረሚካኤል በርሀ ሓቢሩ።

ኣቶ ጉብረሚካኤል፡ ኣብ’ዚ ዓመት ብምትሕግጋዝ ኣብያት ሓይልታት ምክልኻል ኣብ 10 መደበራት ፈልሲ 31 ዓይነታት ፈልሲታት ገረብ ክዓሎ ምጅንሑን ከምእተጻፈፈን ገሊጹ።

እቲ ብተመሃሮ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ውልቀ ገረብትን ኮምን ክትከል ተዳልዩ ዘሎ ፈልሲታት፡ 69 ሚእታዊት ቀዋሚ ጣሰ፡ 21 ሚእታዊት መብቆላዊ ኣግራብ፡ 10 ሚእታዊት ድማ ዘይመብቆላዊ ኣግራብ ከምዝኾኑ ኣቶ ጉብረሚካኤል ኣብሪሁ።

ዝጠዝሉ ካብ’ቲ ፈልሲታት ኣብ ቀዋሚ ቦታታት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ናይ እምነት ቦታታትን ውልቀ ኣባይትን ከምዝትከል ከኣ ኣዘኻኺሩ።

ኖቲ ተተኺሎም ዘለዉ መደብ ንምዕዋት፡ ልዕሊ 6 ሽሕ ተመሃሮ ኣብ 50 ናይ ምግራብ ቅድሚታት ተዋፊሮም ክሰርሑ ምዃኖም’ውን ኣረዲኡ።

ኣቶ ጉብረሚካኤል ኣብ መወዳእታ፡ መደባት ዳግመ-ምግራብን ምስፋሕ ሕዛእትታትን ብምትካል ሓደሽ ፈልሲታት ክሰምር ከምዝኽእል ብምንጻር፡ በብዓመቱ ዝትከል ፈልሲታት ኣብ’ቲ ዝድለ ደረጃ ምእንቲ ክበጽሕ፡ ህዝቢ ብሓፈሻ ምምሕዳራት ከባቢ ከኣ ብፍላይ ብንቕሓት ክሳተፉ ኣዘኻኺሩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቁ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቁ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284

## ኣብ ዝተፈላለያ ንኡሳን ዞባታት፡ ንስድራ ስዉኣት ገንዘባውን ዓይነታውን ደገፍ ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝነብሩ ዜጋታት ዘበርከትዎ 384 ሽሕ ናቕፋ ዝግመት ደገፍ፡ ብገንዘብን ዓይነትን ንስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ።

ካብ’ቲ ገንዘብ፡ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ 148,600 ናቕፋ፡ ነበርቲ 21 ምምሕዳራት ከባቢ 111,080 ናቕፋ፡ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን መምህራንን ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ 51,600 ናቕፋ ዘበርከትዎ ኮይኑ፡ ን103 ዝተለልዩ ስድራ ስዉኣት ተዓዲሉ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዘበርከትዎ 72,725 ናቕፋ ን314 ስድራ ስዉኣት ከምእተዓደለ፡ ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ መድሃኒት ግርማይ ሓቢራ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ 5 ምምሕዳራት ከባቢ ን352 ስድራ ስዉኣት ኣብ ማሕረስ፡ ምዝራእን ገርፍን ጉልበታዊ ሓገዝ ክግበር ከሎ፡ ኣብ ዓድታት ሓይኮ፡ ሳፈራን ኣውህያ ወፈራታት ጽገናን ምስራሕን ኣባይትን ተኻይዱ።

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ተኹንዳዕ ከኣ፡ ን35 ስድራ ስውኣት ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ተዓዲሉ።

ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ እትርከብ ትካል ምዝዋር መኪና ኣማን፡ ንደቂ-ስውኣት ብናጻ ስልጠና ምምራሕ መኪና ሂባ።

ብተወሳኺ፡ ነበርቲ ንኡሳን ዞባታት ሃብሮ፡ ከረን፡ ጸጸራት፡ ሰንዓፈን ገልዓሎን ልዕሊ 422 ሽሕ ናቕፋ ዝግመት ገንዘባውን ዓይነታውን ደገፍ ንስድራ ስዉኣት ገይሮም።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ነበርቲ 8 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ሃብሮ ብዘዋጽእዎ ልዕሊ 136 ናቕፋ፡ 62 ኩንታል እኽሊን 5 ኩንታል ሽኮርን ተገዚኡ ንስድራ ስዉኣት ክመቓረሕ ከሎ፡ ግርሁ ናይ ልዕሊ 273 ስድራ ስዉኣት ድማ ተሓሪሱ።

ነበርቲ ሓሙሽተ ምምሕዳራት ከባቢ ከተማ ከረን ብዘወሰድዎ ተመሳሳሊ ተበግሶ ድማ፡ ኣስታት 134 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስዉኣት ደገፍ ተገይሩ።

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጸጸራት ድማ፡ ነበርቲ ዘዋጽእዎ 60 ሽሕ ናቕፋ ን30 ስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ’ውን፡ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ 56 ሽሕ ናቕፋ ብምውጻእ፡ ንጸገማት ስድራ ስዉኣት ሓጊዞም።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ንኡስ ዞባ ገልዓሎ ድማ፡ ውዳቤ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ 36 ሽሕ ናቕፋ ን36 ስድራ ስዉኣት ኣመቓሪሖም።



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ

ዝተወደበ ኣገባብ ተኸቲልካ እትገብሮ ስራሕ፡ ከም ተመክሮ ዘፅግብ ውጽኢት ዝምዝገቦ ወፍሪ እዩ። ከምኡ ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ዝዓበየ ክፋል ዕለታዊ ንጥፈታት ሕብረተሰብና ኣብ ወሁድ ዕማም ተዘውቲሩ ይኻየድ። ወሁድ ዕማም ብሕልፊ ኣብ ኮማዊ ዝጠልቡ ዕማማት ጽሬትን ንጽህናን ከበቢ፡ ወፈራ ...ወዘተ ልዑል ግምት ተዋሂብዎ ይስራሓሉ።

ፎሮ፡ ሓደ ካብ 10 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ እዩ። ኣብ 15 ምምሕዳራዊ ከባቢታትን 50 ዓዲታትን ቀሸታትን ተሓቒፉ ዝመሓደር ኣስታት 46 ሽሕ ህዝቢ፡ ብዙራት ሳሆ፡ ትግረ፡ ዓፋርን ትግርኛን ብወህደትን ሰቲትን ሓቢርም ዝነብሩሉ ንኡስ ዞባ እዩ። ዝዓበየ ክፋል መነባብሮ ህዝቢ እዚ ንኡስ ዞባ፡ ሕርሻ ክኸውን እንከሎ፡ ዝተረፈ ድማ ኣብ ንግዲን ምግፋፍ ዓሳን እናነጠፈ ዕለታዊ ህይወቱ ይመርሕ።

ናይ ሎሚ ዛዕባና ንዝርጋሕ ወዑብቲ ኣገልግሎት ትካላት ጥዕና ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ እዩ ከተኩር። ኣብቲ ንኡስ ዞባ ብዓል ሞያ ጥዕና ኮይኑ ንልዕሊ 14 ዓመት ዝሰርሐን ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና እቲ ንኡስ ዞባ ኮይኑ ዘገልግል ምስ ዘሎ ነርስ መርሃዊ ሓድጉ ዝተገበረ ቃለ-መሕተት ከበርሀ እዩ።

ንመግለጺ ነርስ መርሃዊ ምርኩስ ብምግባር፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ 5 ትካላት ጥዕና ኣለዋ። ካብዚኣተን ክልተ ማእከላት ጥዓና ክኾና እንከለዋ ሰለስተ ድማ መደበራት ጥዕና እየን። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ከም በዓል ጉቢጉብ ዋሳና፡ ደናንላንደን ናህፉዳን ዝበሃላ ዓዲታት ርሑቕ ከባቢታት እቲ ንኡስ ዞባ ዝነብሩ ዜጋታት፡ ምዕሩይ ኣገልግሎት ሕክምና ክረኽቡ ስለ ዘለዎም፡ ብወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣቢሉ ኣገልግሎት ከምዝረኽቡ ይገብር።

ብዘሎ ኣባላት ሰራሕተኛታት ጨንፈር ጥዕና ንኡስ ዞባ ፎሮ 32 ኮይኑ፡ ካብዚኣቶም ሓደ ነርስ ዝርከቦም 5 መሕረስቲ ነርሳት፡ 22 ተሓጋገዝቲ ነርስ፡ ሓደ ላቦራቶሪ ቴክኒሻን፡ ሓደ ፋርማሲስት፡ ሓደ ህዝባዊ ጥዕና... እዮም። ኣብ ርእሲ እዚኦም፡ ብኣማሓዳሪ እቲ ንኡስ ዞባ ምክትታል ዝግበረለን ዝተፈላለያ ኮሚቴታት ጥዕና እውን ኣለዋ። ቀንዲ ዕማም እተን ኮሚቴታት፡ ዓባይ ሰዓል ከቡቢያዊ ንጽህናን ጽሬትን፡ ዓሶ፣ ከምኡ'ውን ድሕንነት ኣደታትን ቈልዑን ምክትታል ዝገብራ እየን። ካልእ ከኣ ሳዕ ንኢጋር ሓኪይም - ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ደረጃ ፍልጠቶም ክብ ኣቢልካ ክእለቶም ንምብራኽ፡ ስልጠናታትን ኣስተምህሮታትን ከምዝወሃቦም ነርስ መርሃዊ ይሕብር።

ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ብዘዓጠቓኦ ናውቲ ሕክምና፡ መርመራ ዝተፈላለዩ ሕማማት፡ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣደ ቅድምን ድሕሪን ሕርሲ፡ ክንክን ዕሸላትን ህጻናትን፡ ኣገልግሎት ወለንታዊ ምኽሪ ኤች. ኣይ. ቪ.



ኤድስን...ወዘተ ይኻየድ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ውጽኢት፡ ጸገም ሳዕለዋይ ረኺሲ ሰዓተ-ምስትንፋስ ማለት ነድሪ ሳምቡእ፡ ኒሞንያን ውጥረትን ኣብ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ፡ ረኺሲ ስርዓተ ምስትንፋስ፡ ጋስትራይት (እስተማኮ) ረኺሲ ስርዓተ ሸንቲ ከኣ ኣብ ዓበይቲ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ጊዜናም ካብ ዝረኣዩ ሕማማት ምዃናም ነርስ መርሃዊ ኣረዲኡ።

ሕክምናዊ ጸብጻብ ዝሓለፈ ከምዝሕብሮ፡ ተመላሊሶም ሕክምናዊ ኣገልግሎት ካብ ዝረኸቡ ልዕሊ ሸሞንተ ሽሕ ነበርቲ እቲ ንኡስ ዞባ፡ 5 ቈልዑ ዝርከብዎም 12 ሰባት ጥራይ ብሞት ከምእተፈልዩ ይሕብር። እዚ፡ ህዝቢ እቲ ንኡስ ዞባ ግቡእ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ይረክብ ከምዘሎ'ዩ ዘጽር።

ነርስ መርሃዊ ኣብ ሓብሬታኡ፡ ክሳብ 2009 ኣብ ዝነበረ ግዜ መረዳእታ ጥዕና ሕብረተሰብ ህዝቢ ንኡስ ዞባ ፎሮ ብዙሕ ዝተርፎ ከምዝነበረ የመልክት። ምስ ምኽፋት (ምጅማር) መስመር ጽርግያ ፎሮ - ዓዲ ቐይሕ፡ የማን ጸጋም እቲ ጽርግያ ተቐሚጦመን ዝሓልፋ ብርክት ዝበላ ምሕደግ ኣብ ዝበለ ከባቢታት ዝተደኮና ዓዲታትን ቀሸታትን ጊዜፍ ሽግር እዩ ፈቲሑ። ምስ'ዚ ሽግር መጎዓዝያ ተኣሳሲሩ ዝግለጽ ዝነበረ ጸገም ፈቲሑ። እቲ ጽርግያ ህዝቢ ናብ ትካላት ጥዕና ክበጽሑን ክመላለስን በሪ ከፊቱ። ብኡ መንጽር ህዝቢ መረዳእታኡ ኣብ ጥዕና ክብርኽ ተራእዩ። እቲ ጽርግያ ብዘይካ'ዚ፡ ህዝቢ ካብን ናብን ትካላት ጥዕና ክመላለሱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኣውራኡ ካብን ናብን ፎሮ ብኣስመራ ንዓዲ-ቐይሕን ካልኦት ከባቢታትን ንምብጻሕ ዝነበረ ጸገምን ንሱ ዝፈጥሮ ኮለልን ፈቲሑ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ትካላት ጥዕና፡ ኣቕርቦት መድሃኒት ብቐሊሉን ኣብ እዋኑን ክበጽሐን እውን በሪ ከፊቱ ደርኩቡ።

ብሓፈሻ ምኽፋት እዚ መስመር፡ ደረጃ ንቕሓት ኣብ ጥዕና ነበርቲ ንኡስ ዞባ ፎሮ ክብ ኣብ ምባል ልዑል ግደ ከምእተጻወተ ዝሓበረ ነርስ መርሃዊ፡ ነበርቲ ብዝተገበረሎም ጉስጓሳትን ኣስተምህሮታትን መረዳእታኦም ብሕልፊ ኣብ ከም ክንክን ቅድምን ድሕርን ሕርሲን ኣዝዩ ዛይዱ ምህላዉ ኣረዲኡ። ነበርቲ ገለ ዓዲታት እቲ ንኡስ ዞባ፡ ምስ ናብራ ብዝተኣሳሰር፡ ህይወት ሰበኽ ሳዕቢ ዝነብሩ ኣለዉ። እኹል ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣይረኽቡን ማለት ግን ኣይኮነን። እዚኣም እውን፡ ብመጸዓኛ (ብኣግማል) እግሪ እግሮም ብምስዓብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ከምዝረኽቡ ይገብር። ንኸምዚኦም ዝበሉ ሓደ ሓደ ጸገማት ገዲፍካ፡ ህዝቢ እቲ ንኡስ ዞባ ኣፍልጦኡ ኣብ ጥዕና ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይብርኽ ምህላዉ መግለጺ ነርስ መርሃዊ የረድእ።

ሞት ኣደን ዕሸልን ንምንካይ ሚኒስትሪ ጥዕና ካብ ቀዳምነት ቀዳምነታቱ ሰሪዑ ብዙሓየለ ዝሰርሓሉ ወፍሪ እዩ። በዚ ወፍሪ'ዚ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ ዝተገበረ ሓያል ጻዕሪ፡ ሞት ኣደን ዕሸልን ኣዝዩ ከምዝነቑልቑለ ጸብጻብ ትካላት ጥዕና እቲ ንኡስ ዞባ ይሕብር። ንምስፍሑ ዝግበር ጻዕሪ ኣብ መስርሕ ከምዝርከብ ዘርኢ፡ ትካላት ጥዕና ኣራፊልን ሮብሮብያን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ምሉእ ናውቲ ሕክምና ዝዓጠቐ መጸበዪ ነፍሰ ጾራት ከዋደደለን እንከሎ፡ ኣብ መደበራት ጥዕና ሰለክንን ኡሚለን ድማ፡ ኣብ ምዝዛም ገጹ ይርከብ ኣሎ።

ጸብጻብ ትካላት ጥዕና ፎሮ ከምዘመልክቶ፡ ክሳብ ወርሒ ግንቦት ናይ'ዚ ዓመት ልዕሊ 50 ነፍሰጾራት ኣብ ትሕቲ ሕክምና ብሰላም ክገላገላ እንከለዋ፡ ክልተ ድማ፡ ንዝለዓለ ሕክምና ናብ መወከሲ ሆስፒታል ተላኢኸን። ቅድሚ 10 ዓመት፡ ቍጽሪ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሓርሳ ነብሰጾራት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ 170 ዝነበረ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናብ 400 ክብ ምባሉ ይሕብር።

ሚኒስትሪ ጥዕና ክታበት ኣንጻር ጸረ ብርክት ዝበሉ ሕማማት ወፍሪ የካይድ እዩ። ንኣብነት፡ ዝሓለፈ ዓመት ሓድሽ ክታበት መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ኣብ ምሉእ ሃገር ከምዝተኣታተወ ይፍለጥ። ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ ድማ፡ መደብ ክታበት መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ብቲ ዝተወጠነሉ ከምእተኻየደ ነርስ መርሃዊ ኣረዲኡ።

ነርስ መርሃዊ ከምዝገለጾ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ ከም ሽኮር፡ ጸቕጢ ደምን ኣዝዮም ዝኣመሰሉ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት መርመራ ይኻየድ እዩ። ሕሙማት ንጸገማቶም ዝሕግዞም ግቡእ ትምህርትን ምኽርን እናተዋህቦም ኣብ ማሕበር ከምዝጥርነፉ ንምግባር፡ ሰፊሕ ጉስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ከምዝግበረሎም ከኣ ኣረዲኡ።

ፎሮ ብዘይካ'ዚ፡ ብጠዘለ ሕማም ዓሶ ዝረኣየሉ ንኡስ ዞባ እዩ። ኣብ 2020 ብዘለ ሕሙማት ዓሶ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ 58 ነይሩ። ኣብ 2022 ከኣ ናብ



ነርስ መርሃዊ ሓድጉ

138 ክብ ኢሉ። ኣሃዛዊ ጸብጻብ ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ 452 ሕሙማት ዓሶ መድሃኒት ዝወሰዱ ምህላዎም እዩ። እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ዝርግሐ ዓሶ ንምቊጽጻር ጻዕሪታት ይኻየድ ከምዘሎ ዘረድእ ነርስ መርሃዊ፡ ከም መርኣያ ናይ'ዚ ዛጊት 40 ሽሕ ብመድሃኒት ጸረ ዓሶ ዝተሰነየ ናመሲያ ንህዝቢ ከምእተዓደለ ኣብሪሁ።

ነርስ መርሃዊ ትሮፒካውያን ሕማማት ኣብ ምክልኻል ዝኽተልዎም ኣገባባት ኣመልኪቱ ክገልጽ እንከሎ፡ ሓደ ካብቶም ኣገባባት፡ ንቕሓት ተማዛሮን ህዝቢን ምብራኽ ኮይኑ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ፋምፍሌታት ብምዝርጋሕ የካይድዎ። ምሕደግ ኣብ ዝበላ ቀሸታት ዝነብሩ ኸኣ፡ ብዛዕባ እዞም ሕማማት፡ ኣገባብ መተሓላለፊኦምን ምክልኻሎምን ቀጻሊ ጉስጓሳትን ኣስተምህሮን የካይዱ። ኣብ 2017 ንሕማም ዓሶ ኣመልኪቱ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝተገበረ መጽናዕቲ ነይሩ። ሕማም ንምፍዋስ ብዙብል ተጠቃምነት ባህላዊ ፍወሳ ዝጠንቁ ተርእዮ ሕማም ወይቦ ከምዝነበረ ከኣ የመልክት።

ተርእዮ ከኀታት ሕማም ዓባይ ሰዓል ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ካብ መላእ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሳልሳይ ደረጃ ይስራዕ። እዚ ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ተርእዮ'ቲ ሕማም ንምጉዳል፡ ንኹሎም ኣባላት ሰራሕተኛታት ጥዕና ቀጻሊ ስልጠናታት ይወሃቦም። ኣብ ርእሲ'ዚ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ከም ኣብነት ከኀታት ህላወ ዓባይ ሰዓል ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ንምፍላጥ፡ ኣብ ልዕሊ 208 ሰባት መርመራ ተኻይዱ። 37 ሰባት ካብዚኣቶም ብሕማም ዓባይ ሰዓል ተለኺፎም ጺሒሎም። ብዝተገበረሎም ጽዑቕ ሕክምናዊ ክንክንን ፍወሳን ከኣ እቶም 14 ምሉእ ብምሉእ ክሓወዩ እንከለዉ፡ ሰለስተ ድማ ሞይቶም።

ካብ 2009 ክሳዕ 2018 ዘሎ እናበለ ክመጽእ ምጽንሑ ዝጥቀስ ንጥፈታት ሓለዋ ከቡቢያዊ ጽሬትን ንጽህናን ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ብዝሓየለን ብውዱብ መልክዑን ይንጥፉሉ ምህላዎም ነርስ መርሃዊ ይሕብር። ሓደ መርኣያ ናይ'ዚ፡ ቍጽሪ ተጠቀምቲ ዓይኒ ምድሪ እናዓበየ ይመጽእ ምህላዉ ወሲኹ የረድእ።

ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ንኡስ ዞባ ፎሮ ነርስ መርሃዊ ሓድጉ ኣብ መወዳእታ፡ ጸገና ዝደልዩ መናድቕ ገለ ትካላት ጥዕና፡ ቀላሒታ ክወሃቦም፣ ትካላት ጥዕና ሰለክንንን ኡሚለን ድማ ብዱሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ ሶላር ክትከለለን ተላቢዩ።



# ፍናኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ተረኽቢቲ ሕድሪ፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት



ናጽነት ህያብ ስውኣትና እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጨቋኒ መግዛእታዊ ስርዓት ናጻ ንኽወጽእ፡ ማሰል ርእሰ ወሳኒኡ ንኽረጋግጽ ብርሃን ናጽነት ንኽስተማቕርን፡ ጀጋኑ ሰማእታት በጃ ሓለፍምሉ እዮም። ህይወት ሞጒአ ተኸፊሉዋ ዝመጸት ሃገር፡ ብተረኽቢቲ ሕድሪ ዝኾኑ ወለዶ ልኡላውነታ ዳግመ-ህንጸታን ውሑስ ይኸውን ኣሎ። መንእሰያት መድረኽ ዝጠልቦ ኣበርክቶ እናፈጸሙ፡ ዝቐጽል መድረኽ ራህዋን ሰላምን ዝዋሳሎ ንክኸውን ወትሩ ኣብ ምርብራብ ይርከቡ።

ቦርድ ማሕበራት ተጋደልቲ ንዘኽሪ 20 ሰነ ኣብ ማይ-ድምኑት እተፈላለየ ማዕፎድኦታት ሰሪዑ ነይሩ። ኣብቲ ዝተዳለወ ሰፊሕ መደባት፡ ልምዓታዊ ንጥፈት ምትካልን ምኽሳኽስን ኣግራብ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብቲ ንጥፈት ብዘይካ ኣባላት ጥምረት ማሕበር ሓርበኛታት፡ መንእሰያት ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ተመሃሮን ተሳቲፎም ነይሮም። እቶም ምስ ኣህዱታቶምን መቕርቦምን ናብቲ ቦታ ዝበጽሑ መንእሰያት፡ ኣብ'ቲ መደብ ምስታፎም ነቲ ዝኽሪ ፍሉይ መልክዕ ዘልበሰዎ ነይሩ። እቶም ናጽነት ዘምጽኡ ኣቦታት ምስ'ቶም ወረስቲ ሕድሪ ዝኾኑ ደቆም መንእሰያት ብሓባር ምስታፎም፡ ድንድል ሰረት ወለዶታት ዝሃንጽን ልዑል ሃገራዊ ስምዒት ዘፈጥርን እዩ።

ኣብቲ ታሪኽን ሕድርን ዝወራረሰሉ መድረኽ፡ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤምዳድ ዓታሮ ምስ ተመሃሮ 11 ክፍሊ ኣብቲ ቦታ ተረኺቦም ነይሮም። ኣገዳስነት እቲ መደብ ኣብ ምስጋር ተመኩሮን ታሪኽን እንታይ ከም ዝመስል ንማሕበር ኤምዳድ ዓታሮን ካልኦት ተሳተፍትን ተወኪስና ነይርና።

ተሓጋጋዚ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ኣጽዋር ኮሎኔል ወልደገብርኤል ምስጉን፡ ኣባል ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤምዳድ ዓታሮ ኮይኑ፡ ኣብቲ ኢጋጣሚ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝኽሪ 20 ሰነ ረዚን ኮይኑ፡ ብዙሓት ሰማእታት በጃ ብምኽፋል'ዩ ናጽነት ክጭበጥ ዝተኻእለ። ኣርሒቖ ዝጥምት ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ሎሚ ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ኤርትራ ማሰላ ክተረጋግጽን ሰማእታት ዝወደቑሉ ራእይ ደማ ሽቶኡ ክወቅዕን ወኒ ኣበርክቶ ገይሩ። ኣብ ረዚን መዓልቲ ሰማእታት፡ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤምዳድ ዓታሮ፡ ኣብ ልምዓታዊ ቦታ ማይ-ድምኑት ምስ መንእሰያት ተማሃሮ ብጥርኑፍ ከም እተረኽቡ ገሊጹ። እቲ ኣብ ቅነ 20 ሰነ ዝተሰላሰለ መደብ ምግራብ ቅድሚ ሕጂ ግርማኡ ተቐንጢጡ ዝነበረ ቃልዕ ቦታ፡ ንምልማዕ ዝዓለመ እዩ ነይሩ። ሰማእታት ልምዕቲ ሰላምንቲ ብልጽግትን ልኡላውነታ ዝተዋሕሰት ናጻ ሃገረ ንምህናጽ'ዮም ተሰዊኦም። ስለዚ፡ በቲ ዝስላሰል ልምዓታዊ ንጥፈታት፡ ዝተተለመ ሸቶ ሰማእታት ናብ ምዕራፉ ንምብጻሕ፡ ወትሩ ጻዕርታት ከም ዝገብሩ ወሲኹ ኣብሪሁ።

"እዞም ሎሚ ኣብዚ መደብ ምትካልን ምኽሳኽስን ገረብ ሰውኣት ዝሳተፉ መንእሰያት ተማሃሮ 11 ክፍሊ፡ ነቲ ብጽሑፍን ካልእ መወከሲታትን ዘፈልጥዎ ታሪኽ ብኣካል ብምስታፎም፡ ተኻፊልቲ ናይዚ ዝኽሪ ሓበን ንኽኾኑ ዝሕግዝ እዩ" ዝበለ ኮሎኔል ወልደገብርኤል፡ "ኣብ መድረኽ ምውርራስ ሕድሪ ብቑጥታ ይሳተፉ ብምህላዎም ድሙ ኣሰርና ክኽተሉ ሰፊሕ ባይታ ዝፈጥር እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ብቐጻሊ ዝግም መንእሰያት ሰሚናር፡ ንባብ፡ ትምህርታዊ ሓገዝ፡ እግራ-ጉዕዞን ካልእ መደባትን ብምስራሕ ዘሽርዕ ኤርትራዊ መንነት ክፈልጥዎ ክወርስዎን ንወለዶታት ንኽሰጋግሩን ልዑል እምነት ኣለና።" ክብል መደረኡ ቀጺሉ።

ኣስዒቡ፡ "ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሰማእታቱ ዘለዎ ክብሪ፡ ብቓላት ክግለጽ ዘይክእል ኣዝዩ ረዚንን ልዑልን እዩ። ከም መርኣያ ናይዚ ድማ'ዩ ሳዕለዎት ሓለፍቲ ሚኒስተራት፡ ጉዳይም ተጋደልቲን ካልኦት ዕዱማትን ብሓባር ኣብ'ዚ መደብ ዝሳተፉ ዘለው። ልምዓታዊ መደባት ብተረኽቢቲ ሃገር ከምዝስላሰል ብምግባር፡ ኤርትራ ካብ ምድረብዳት ንምንጋፍ ብልዑል ወኒ ንኽዕመም እላቡ፡" ብምባል ከኣ ኣዘኻኺሩ።

ኣቦመንበር ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍሉ ሰራዊት 96 ኮሎኔል ኣድሪስ ሳልሕ ብወገኑ፡ እዚ መደብ ምግራብ ብማሕበር ቦርድ ተጋደልቲ ዝተወደበ ኮይኑ፡ ክ/ሰ 96 ድማ ኣካል እቲ ማሕበር ብምኻኑ ይሳተፉ ከም ዘለዉ ኣብሪሁ። "20 ሰነ ሕድሪ ሰማእታትና ንምኽባር ቃል እንኣትወላ ዕለት እያ" ድሕሪ ምባሉ፡ ኣብ እተፈላለየ መድረኻት ማለት - ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ዝወደቑ ሰማእታት ዕላማኦም ሓደ'ዩ ነይሩ። ሓንቲ ብልጽግቲ፡ ብቐለሉ ዘይትድፈር፡ ብኽለንትናኣ ዝለምዐትን ድሕነታ ዘውሓሰትን ሃገር ንምህናጽ በጃ ከም ዝሓለፉ ገሊጹ። እዚ ልምዓታዊ መደባት ድማ ከም መግለጺ ንሰማእታትና ዘለና ክብሪ ክወሰድ ዝከኣል ምዃኑ ገሊጹ። ብጥናታታ እትመሓየር ሃገር ክትህሉ ብዙሓት ሰማእታት ወዲቖም እዮም። ስለጥንቲ ኤርትራ ንምህናጽ ዝተኣትወ መብጽዓ ይትግበር ከም ዘሎ'ውን ወሲኹ ሓቢሩ።

"ወለዶታት እናተተኻኸኡ'ዩ ዝቕጽል። መንእሰይ'ውን ቀለቤት ወለዶታት ሓልዩ ይገዓዝ ኣሎ። መንእሰይ እንተዘይህሉ፡ እዛ ሃገር ኣይምሃለወትን ነይራ። ምኽንያቱ ናጽነት ዘምጽአ ወለዶ ብሕጊ ተፈጥሮ ማለት ምስ ዕብየት ዝመጽእ ጥዕና ክሰእን ንብረ ስለዝኸኑ፡ መንእሰይ'ዩ ድንድል ወለዶታት ኮይኑ ድሕነት ሃገር ዘውሕስ ዘሎ። ስለዚ፡ መላግቦ ወለዶታት ሓልዩ ኣብ ምምራሽ ይርከቡ። ብተወሳኺ'ውን፡ ኣብ ምክልኻል ሃገር ከቢድ ዋጋ ይኸፍል ኣሎ። መንእሰይ ኢያታቱ ዝወደቑላ ልኡላዊት ሃገር፡ ንኸይትድፈር ኣጸኒዑ ሐዙ ይርከብ። ሕድሪ ሰማእታት ብግቡእ ወሪሱ፡ እኛሙ ኣብ ምብርካት ተጸሚዱ ኣሎ። እዛ ሃገር - ሃገር መንእሰያት እያ። ሕጂ'ውን እቲ ሸኽሚ ኣብ ዝበን ተረኽቢቲ ሃገር እዩ ዘሎ" ብምባል መንእሰያት ኣብ ህንጸት ሃገርን ምውሓስ ሰላምን ዝለዓለ እጃም ከም ዘለዎም ኮሎኔል እድሪስ ኣዘኻኺሩ።

ኣባል ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤምዳድ ዓታሮ፡ ተጋዳሊት ዛህራ ኣሕመድ ዩኑስ ሓንቲ ካብ'ተን ኣብ መዓልቲ ሰማእታት ገረብ ሰውኣት ንምትካል ናብ ማይ-ድምኑት ዘምርሓ እያ። ኣብቲ ዕለት ምስ ተመሃሮ መንእሰያት ኣብ ጸዕቒ ስራሕ ተጸሚዳ ነይራ። ንሳ ብወገና፡ ኣብ ስታፍ ኣጸዋር ኣብ ንኡስ ጨንፈር ሰሩዓ ከም እትሰርሕ ብምሕባር፡ ነቲ ኣብ መዓልቲ ሰማእታት ዝተወደበ መደብ ምትካልን ምኽሳኽስን ኣግራብ ምስ ተመሃሮ መንእሰያት ብሓባር ክተየድ ብምኽኣሉ ፍሉይ ስምዒት ከም ዝፈጥረላ ተዛሪባ። ኣብ ዝኾነ ንጥፈት ምስ ወረስቲ ሕድሪ መንእሰያት፡ ብሓባርን ወሃደትን ዝተየደ ዕማም ድልዱል ፍቕርን ሓድነትን ኣብ ምምስራት ዘለዓለ ተራ ከም ዘለዎ ዝጠቐሰት ተጋዳሊት ዛህራ፡ ብቐንዱ፡ ኣብ ኣእምሮ ተረኽቢቲ ሃገር ዝሓድግ ተዘክሮን ዝኽርን ብቐለሉ ዝሃስስ ከምዘይኮነ ኣረዲኣ። ብፍላይ እቶም ኣውረስቲ ብምኽንያት ዕድመ ይኸሩን ስንክልና ኢዶም ከይዛቡ ሳዕልን ታሕትን ክብሉ ምዕዛብ፡ እቶም መንእሰያት ፍቕሪ ሃገር ክሓድሮም ከምኡ'ውን ኣብ ሰማእታት ልዑል ክብሪ ዘለዎም ወረስቲ ሕድሪ ንኽኾኑ ልዑል እጃም ከም ዘለዎ ወሲኻ መብርሂ ሂባ። መንእሰያት ወትሩ ተረኽቢቲ ሃገርን ሕድርን ኮይኖም፡ መድረኽ ዝሀቦም ሓላፍነት ክርከቡ ተማሕጺና። ሓርበ ወለዶታት እናተተኻኽኡ'ዩ ናብዚ መድረኽ ክበጽሕ ተኻኢሉ፡ ናይ ሎሚ ወለዶ መንእሰያት ድማ ብጊቡእ እንተ ተመልሚሎም፡ መንነቶም ይኸሩን ታሪኾም ኣብ ምውራስ ዘጠራጥር ከም ዘየለ ገሊጹ።

ኣባል ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤምዳድ ዓታሮ፡ ኣብ ክፍሊ ዕቃብ ብረት እትሰርሕ ተጋዳሊት ለተብርሃን ኣፈወርቂ ብወገና ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ "ሰማእታትና ዘውረሱና ታሪኽ ናብ ደቅና ኣብ ምስጋር ንርከብ ኣለና። ካብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ምስ ኢያታትና፡ ብዑትናን መዙናን ብልዑል ሓድነትን ፍቕርን ተቓሊስና። ሕጂ ድማ ምስ ተረኽቢቲ ሃገር ዝኾኑ ደቅና፡ ብጥምረት ኣብ'ዚ ክቡር ዕለት ምስታፍና ፍሉይ ባህታ ዘፈጥር እዩ" ኢላ። ዓመት መጸ ነበርቲ መሰከር ዓታሮ፡ ኑቶም ናብ መዲና መንእሰያት ዝኾኑት ሳዋ ዝወርዱ ተመሃሮ 11 ክፍሊ ደቆም ብሓባር ብምጥርናፍ፡ ታሪኽ ዝወርስሉ ባይታ ከምዘጣጥሕ ሓቢራ። ካብ ሳዋ ድሕሪ ምምላሶም'ውን ኣብ ዝተመደብሉ ቦታን ዝተጥፋሉ ሞያን ዘርእዮ ሱ-ምግባር ወትሩ ዘሻርዕ እዩ። እዚ ድማ ንና ኣብ ንኡስ ዕድሜኦም ብግቡእ ክምልመሉ ስለዝኸኣሉ፡ ኣብ ዝተዋፈሩሉ ዕማም ጸቡቕ ፍረ ይህቡ። ስለዚ፡ እቲ ኣብ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ዝተየደ ልምዓታዊ መደባት፡ ኣገዳሲ ዕማም እዩ። ብተወሳኺ፡ ነፍሲ-ወከፍ እንተኸሎ ገረብ ምስ ስውኣት ብዑትና፡ ብመንፈስ ዘራኽበና እዩ። ገረብ ስውኣት ምትካል፡ መብጽዓን ቃልን ሰማእታት ንኽንሕድስ ዝድርኽ እዩ። ብሓፈሻ፡ እዚ ዓመታዊ ኣብ 20 ሰነ ዝተየደ ንጥፈታት ምግራብ፡ ናብ ንኣሽቱ ወለዶ ንኽሰጋገር ብሰፊሕ ንኽስራሓሉ እምሕጸን። ምኽንያቱ ብድሕሪና ነዛ ሃገር ዝረክብዋን ዝመርሕዋን መንእሰያት ካብ ኩሉ ብግቡእ ታሪኽን ሕድርን ሰማእታት ክወርሱ ስለዝግባእ" ብምባል ንኣገዳስነት ምውርራስ ተመክሮ ዘለዋ ርእይቶ ሂባ።

ከምቲ መዓልቲ ናጽነት ብኸቢብ ዝበለ ደምቀትን ማዕርግን እትብዓል፡ እቶም ብርሃን ናጽነት ንምርካብ ዝሓለፉ ሰማእታት ድማ ብዝለዓለ ክብሪ ምዝካር ዘሽርዕ ምዃኑ ዝገለጸት ድማ ካብ ተሳተፍቲ ወረስቲ ሕድሪ ዝኾነት ተመሃሪት 11 ክፍሊ ዮርዳኖስ ገብረመስቀል እያ። እዚ ኣብ መዓልቲ ሰማእታት ዝተወደበ መደብ ምትካልን ምኽሳኽስን ገረብ ሰውኣት፡ ብመንእሰያት ብሰፊሑ ክትካእ ከም ዝግባእ ጠቒሳ፡ "ኣብዚ ረዚን ዕለት፡ ተማሃሮ 11 ክፍሊ ንኽንሳተፍ፡ ማሕበር-ኮም ዓታሮ ዝጻወቶ ተራ ልዑል እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ዓመታዊ ናብ ሳዋ ንዘወርዱ መንእሰያት ዝገበር ፍሉይ መደባት፡ ታሪኽናን መንነትናን ንኽንወርስ ዝለዓለ ተራ ስለዘለዎ፡ ኣብ ቀጻሊ ድማ ክሰፍሕ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ታሪኽና ብቐረባን ብቐጥታን ክንፈልጦ ዝድርኽ ብምዃኑ፡ ኩለን ማሕበራት ብተመሳሳሊ፡ መንእሰያት ታሪኾም ንኽፈልጡ ኣብ እተፈላለየ ኢጋጣሚታት ክሳተፉኦም ኣለወን" ብምባል ኣዘኻኺራ።





ኮሎኔል ወልደገብርኤል ምስጉን



ኮሎኔል እድሪስ ሳልሕ



ወ/ሮ ለተብርሃን ኣፈወርቂ



ወ/ሮ ዛህራ ኣሕመድ ዩኑስ



መንእሰይ ዮርዳኖስ ገብረመስቀል

# ሸባብ

ሃማመተኤ

ሕብረተሰብ

## እስካቡሊ ን'ስካቡሊ ይፈልጦ

ኣሮን ተስፋኣለም

"እከለ መጽሓፍ ደሪሱ ኢሎሞ።"

"ደሪሱ ዶ? ክደርስ እዩ'ምበር እስካቡሊ እንድዩ። ኣበይ'ሞ ንሕና ከምዚ ናቱ ነጻ እንተ ንኸውን? ዝውጥጥ ሓዳርን ኣምጺእ ጥራይ ዝብሉ ቈልዑን እንተዘይህልዉና...።"

"ክሱቶስ ማኪና ኣጥርዩ ኢሎም'ታ?"

"እንታይ'ሞ እስካቡሊ እንድዩ። ግርም መዐወሊት ሆቴል ከኣ ትኹኖ። ዋና ገዛኡ ተንከስ ምባል እንድያ ከሊኣቶ፣ ንሳ ካብ ኣራግጽ ተዕርፍ ንሱ ኸኣ ካብ ስክፍታ ይድሕን። እምበር ዝስከፍ እንተ ዝኸውን ሓዳር፡ ናብራ ምገበረ። ኣታ ወዲ ቈርበቱ ክሮግድ!"

እስካቡሊ ሓደ ካብዞም ንመግቦም ባዕሎም ዘዳልዉ ኹይኑ ምሸት ምሸት ድቃስ ኣብይዎ፡ ብጽምዋ ተዋሒጡ፡ ኣብ ዓራቱ ጠንቀላዕላዕ ኩብል ዝሓድር፡ ኣካታዒ ማለት ኮንትሮቨርሻል ሰብ እዩ። ኣብ ዓራቱን ኣብታ ጸባብ ቤቱን ሕልምልም ይኹን ጠንቀላዕላዕ ምስ በዝሖ፡ ናብ ፊን ዝበሎ ኣብ ፊን ዝበሎ ሰዓት ዝብቆጽ ወዲ-ኣዳም እውን ክትብሎ ትኽእል። ወዲ ኣዳም? ኣስካቡሊ ንጓል ሄዋን ኣይምልከታን እዩ ማለት ድዩ? ክንዲ'ቲ ኣይኰነን። "ጓል ሸሕ ግዜ ዘይተመርዓወት ትኹን፡ ሸሕ ግዜ ገዛ ተኻርያ ንበይና ትንበር ነጨበረርነት ብዙሕ ኣይትንክፋን፡" ብምባል፡ እዚ ማዕርግ ንኽንፈጋ ዝጽዕሩ ሰባት (ኣብ ታሪኽ) ይቀላቐሉ'ዮም። ካብ ሓልዮት ድዩ ወላ ካልእ፡ እዝግሄር ዋናኦም። በዚ መኽንያት እዚ ከይኩነ ኣይተርፍን እስካቡሊ እንድያ ተባሂላ ትሕመ፡ ወይ ከኣ ሰብ ተደንግጽ ጓል ብዙሕ ኣየጋጥምን።

ኣንጻር'ቲ ዝበዝሕ ዝሓስቦ፡ ኣብ ገለ መጽናዕትታት'ውን ከም ዝሕብሮ፡ እስካቡሊ ናጽነት የብሉን። "ሕጂ ኸ መዓስ'ዩ ክኣቱ?" "መን ሒዙ ንገዛኡ ኣትዩ?" ወዘተ. ተባሂሉ ኣብ ቀጻሊ ናይ ትዕዝብቲ መፈንጠራታት ምስ ተቓልዐ እዩ። መስኪናይ!

እስካቡሊ ከም ቃል፡ ካብቲ ስካፖሎ ዝብል ናይ ጥልያን ቃል ዝተወሰደ ክኸውን ይኽእል። ኣቶ ተክአ ተሰፋይ ኣብቲ ናይ ትግርኛ መዝገበ ቃላቶም ን'ስካቡሊ፡ "ዘይተመርዓወ፣ ሓዳር ዘይብሉ፣ ጨበረር" ብምባላ ይትርጉሙዎ። ን'ስካቡልነት፡ ንነጨበረርነት ኩብሪ ሂቦም ትርጉሙ ንኽፍለጥ ኣብ መዝገበ ቃል ትግርኛ ከስፍርዎ፡ ኣቶ ተክአ ተሰፋይ ዘይምነዎም ምኽኑ በዚ ትርዳእ። "ነጽዩ-በረር፣ በሊዑ-በረር" ከ ዘይብልዎ ነበሩ ወደይ?! እዛ ናይ ኣቶ ተክአ ትርጉም ኑቶም ምርዑዋት ከለዉ ካብ ነጨበረርነት ዘይተገላገሉ ግን ከም ዘይትምልከቶም በዚ ኣጋጣሚ ክሕበር ይግባእ።

እስካቡሊ ን'ስካቡሊ ይፈልጦ፣ ኣብ ንግደት ኩነ ንንግደት ዝመስል



ውራያት ሰለስተ ዝብጽሓ ግዛውቲ እንተ'ለውኡ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ ምጽጋቡ ከየረጋገጸ ናብታ ኻልኣይትን ሳልሰይትን ኣይብልን። ጉዳይ ኩብዲ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከእትዎ ኣይደልን፡ ፍጹም! እቲ ምኽንያት ርእሰ-ግሉጽ እኳ እንተ ኹነ ንዕላል ክኹነና ምጥቃሱ ኣይጽላእን። ብድብዱብ፡ ጸብሒ ምስራሕ፡ ንስካቡሊ፡ ሓንቲ ካብተን መንጸሮር ዝፈጥራሉ እያ። ጸብሒ ምስራሕ፡ ክዳንን ኣቑሑ ገዛን ምሕጻብ፡ ገዛ ምጽርራይ ወላ ይምለኮ ወላ ይራቐቐሉ ሕማም ርእሲ'ዩ ዝፈጥረሉ። ምግናን ከይመስል ደኣ'ምበር፡ ሰኣን ዝሰርሖ፡ ብሰንኪ ትህኪት ጠምዩ ዝደቀሰሉ መዓልታት ተደማሚሩ ናብ ዓመት ይገማገም። ክፈቱ ኸሎ ግን ኣየዛርብን፣ ናይ ወሓለታት ወሓለ ምባል ይንእሶ።

ሓደ እስካቡሊነቱ ንኸይፍለጥ ብዙሕ ዝጽዕር እስካቡሊ፡ ብዝተገብረሉ ዕድመ መሰረት ናብ ሓደ ውራይ ይኸደልኩም። መዘዝ ናይ ከይተዓደምካ ናብ ውራያት ቱስቱስ ምባልን ኣብ ፈቐዶ ግብጃታት ጭንን ምባልን፡ ካብ ጭንን ሓሊፉ ዝህቦ ፋይዳ ከም ዘየለ ስለ ዝፈልጥ ከይተዓደመ ተንከስ ኣይብልን። በዚ ኹይኑ በቲ ኣብቲ ውራይ ዓጻጽዩ፡ ዘናኒጡ፡ ከምታ ኣመሉ ኣብ ሰዓቱ ይመጽእ። እስካቡሊ ን'ስካቡሊ ይፈልጦ እንድዩ ነገሩ፣ ኣብ መንጎ ግብጃ ኣብ ውዕዉዕ ናይ ሕክያ መድረኽ እስካቡልነቱ ብኻልእ ግሩህ እስካቡሊ ተኸሺሑ። ተኸሺሑ፡ ፋኒ ክሊፕ ተሰሪሕሉ፡ ፋኒ ክሊፕ ዝኹነት ግብጃ ኣሕሊፉ። ኣብ መወዳእታ ኹለን እተን ኣብቲ ውራይ ዝወዓላ ኣዋልድ ይድንግጻሉ።

"መስኪናይ፡ ኤህ!"

"እምጽጽእ! በይኑ ይነብር ማለት ድዩ? ከምኡ ኸኣ ዘይመስል፡ ጽፈቱን ገሊኡን ርኢ'ኻ።"

"ዋእ ካብዞም ምዕቡላት እስካቡሊ ይኸውን...። ኣታ ሸኮሪና፡ እዚ ተረፍ ባሸኮትታትን ኬክን ዝበልያ ስለዘይብሉ ተማልኣዮ።"

እዋእ! እዘን ኣዋልድ--ኣለወን ግድ'ዩ ገለ ዝሓሰበለን ብልሃት!?!

እስካቡሊ ሓንቲ ናይ ኣዝማድን ናይ ፈተውትን ዝርዝር ኣስማት ዝሓዘት ወረቐት ኣላቶ። መግቢ ምስራሕ ክህከዮ ኸሎ ንዓኣ እዩ ዝውክስ። ኣብኣ ኑቶም ዝበጽሖም ብጽቡቕ ዝእንግድዎ፡ ራይት፣ ኑቶም ዘይበጽሖም ድማ ኤክስ እናገበረ ይካየድ።

እስካቡሊ ን'ስካቡሊ ይፈልጦ፣ ብውሑዱ ኣደኡ ንዕኡ ክኽርእያ ከለዋ፡ "እዚ ወደይሲ ጽቡቕ ኣሎ፣ ኣይሓሰሞን፡" ኢለን ምእንቲ ክቐስና፡ እስካቡሊ፡ ዘዝረኸበን ኣብ ኑብሱ እዩ ዘውዕለን። ኣደኡ፡ እተን'ኳ "ከለኹ'ባ ተበለጸለይ ኣታ ብርሃን ዓይኒ?! ውላድካ'ባ ክስዕም?!" እናበላ ንኽምርያ እናሻዕ ዝልምንኦ፣ እተን'ኳ ዘረባኦን ዓቕሉ ዘጽብበሉ፣ ብሰንኪ ዘረባኦን ኣስካቡሊ ከም ዘወጽአ እንተ ዝፈልጣስ እንታይ ኮን ምተሰምዐን? በላዕ-በይኑ ወሊደን መዓንጣ ኩብደን ኣብ ርእሲ ምሕራሩ ኣብ ርእሲ ምኹምታሩ፡ ምስ ኣባጅጎ ምተራገማ እምበር እንታይ ደኣ። ክራገማ'ኳ ኣይክእላን፣ ምኽንያቱ፡ ነዚ ሓደ ከም ሓሙስ ዘይቅበጽ ወደን ከየስእነን ይሰግኣን ይፈርሃን። ብዓናተቦኣን'ውን ፈሪሃ እዝጋብሄር ዘለወን ኣማኒትን ወረጃን ሰበይቲ እንድየን። ሓቀን ከኣ ካብ ነቲ ብኽቱር 'ስካቡሊነት ንጽህናኡ ዝኸሰረ ወደን ኣሕሊፈን ዝህባ፡ "እንታይ ኮን'የ በዲለ?" ብምባል ምስቲ ኹሉ ዝከኣሎ ኣባጅጎ ጸሎት ኣምሲልካ ምምጓት፡ ምጽ'ብጻብ ይሕሸን።

ሓደ ናብራኡ ድኽም ዝበለ ብዓል ሓዳር ንኻልኣት ሰብ ገዘፍቲ ኩብዲ፡ "እስካቡሊ እንድዮም፡" እናበለ ኣብ ጥራይ ጉልጎል ክንዕቀምሲ ኣብ ምንትምንታይ? ወረ ምስ ምንታይ'ዩ ክጽብጸብ?! ንምኳኑ እንታይ መልኣልና ኢሎሞ ድዮም? መቸም ን'ስካቡሊ ኹሉ ዘዘርከበ ብመሾንጎጋታት ናይ ምቁንጻብ ገይሩ ከም ዘልብልቦ ሕጂ ልዕሊ ካልእ እዋን ተጋሂዱ'ሎ። እቲ ዘቔናጽብ ብዓል ሓዳር እንተ ኹይኑ'ኳ ... ደሓን ከም ሻሙ ሸለል ምተኣዘዘሉ። ምስ ኣደኡ ክሕንቅቕ ዝኑብር ንሓደ እስካቡሊ ከባጭወሉ ግን እንድዒ...። ኣብ ሕጽኖት ከለዉ "ተመርያ"፡ "መርዓ ጽቡቕ እዩ፡" እና በሉ ሌክቸራት ዝህቡዎ ኸ ደኣ? ናይ'ቶም ኣብ ሕጸ ከለዉ ንኽምርያ ዝመኽርዎ'ሞ መግለጺ የብሉን። ዝወረዶ 'ስካቡሊ!

"ሓዳር ግበር።"

"ጽቡቕ ኣለኹ፡ ወልሓደ ኣይጸገመንን።"

"በይንኻ እናበላዕካ ደኣ ጽቡቕ ኢኻ ክትህሉ ምበር...።"

"ኣነ ማኪና፡ ምሉእ ናይ ገዛ ኣቑሑን ኣርባዕተ ሚእቲ ሸሕ ጥረ ገንዘብን ምስ ሓዘኩ'የ ሓዳር ክገብር ክሓስብ።"

"እዚ ትብሎ ዘለኻ፡ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት፡ ብንእሽቶኻ ከለኻ ሓዳር ምስ ገበርካ ጥራይ ኢኻ ከተጥርዮ ትኽእል። ካባና ተመሃር፣ ንሕና ኣብ ምእራግና ኢና ፍሕኛ ዝነፍሑ ቈልዑ ውሊድና።"

ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ኣብዚ ሎሚ እዋናት እስካቡሊ ኣብ መውሰቦ ኣዝዩ እዩ ዝሸገሩ ዘለዉ፣ እስካቡሊ እንተ ነይሩ ንሓዳር፡ ንቑም-ነገር እሙን ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ጸቢብ ስለዝኾነ። ብህይወት ኣስካቡሊ ዝቐንኡ እልቢ ዘይብሎም ሰብ-ሓዳር ከም ዘለዉ ግን ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ብፍላይ እቶም ሰብ-ሓዳር ክዕንድሩ ፋሉል ክኸዱ ምስ ዝደልዩ ንህይወት እስካቡሊ ኣዝዮም'ዮም ዝብህጉዎ። መዓስ'ዚ ጥራይ እቶም ሰብ-ሓዳር ዝካረ ገዛ ምስ ዝህልዎም፡ እቲ ዝካረ ገዛ ዘናዲ እስካቡሊ ከይሓተቶም፡ "ንዓኻ ዝኸውን ገዛ ኣለና፡" ምባል'ያ ትተርፎም። ኣቤት ወ! ንሳቶም ብዛዕባ ብልጫታት እስካቡሊ ክዛረቡ ከለዉ እንተ ትሰምዕዎም፣ "ዝበኪ፡ ዝርብሽን መንደቕ ዘበላሹን ቈልዓ የብሉን ያ፡" "ገንዘብ ናይ ገዛ ክራይ ኣብ ግዜኡ'ዩ ዝኸፍላ ያ" ... ያ...ያ...ያ! ወዳጀ መኽኒት!

ከምቲ ገለ ገጠምቲ "ሰብ ከም ደሴት ንበይኑ ክግለል ኣይክእልን'ዩ (No man is an island)" ዝበሉዎ እስካቡሊ ኸኣ ሸሕ ግዜ ንበይኑ ይጥዓሞ፡ ብልዑል ናይ ባዶነት ስምዒታት ከይተጠቕዐ ኣይተርፍን። ምጥቃዕ ጥራይ መዓስ ኩይኑ ወረ መዛንኡ ምስ ስድራቤቶም ማሚቖም ብደቆም ክዕጀቡ ምስ ረኣየ ብቕንኢ ክሕመስን ውሽጡ ብናይ ጣዕሳ ስምዒት ክሃጉግን ይኽእል። ይስተር!

ልክዕ-ልክዑ ኣስሚዕካን ንኹሉ ነናቱ ሂብካን ክትከይድ ጽቡቕ'ዩ። ካልእ ናይ 'ስካቡሊ ምስጢራት ብዘይ ፍላጥ ክሞልቕ ስለዝኽእል ግን ልክዕ-ልክዑ ምዝራብ ደረት ክህልዎ ይምረጽ። ስለ'ዚ፡ እስካቡሊ እንድዩ ኸኣ ን'ስካቡሊ ዝፈልጦ፡ ካብ ውሃ ዘበለ እስካቡሊ ሕማቕ ሓዳር ዘለዎ ሰብ ኣጸቢቑ ከይሓሸ ከም ዘይተርፍ፡ ልዕሊ ማንም ካልእ እዋን፡ ሕጂ ከም ማይ-ንግሆ ወገግ ኢሉ ዝበርህ ይመስል።

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ደረጃ ብደረጃ

ሓደ ሓረስታይ ኣድጉ ኣምሪሑ ካብ ሓደ ዓዲ ናብ ካልእ ዓዲ ይጓዓዝ ነበረ። እቲ ልቡር መገዲ ዝነውሐ ግዜ ክወስደሉ ከም ዝኽእል ብምግማት ኣቋራጭ መገዲ ንምውሳድ ካብቲ ንቡር መገዲ ወጽአ። እቲ ኣድጊ ቀቅድሚ እቲ ሓረስታይ እናኸደ እንከሎ፡ ሃንደበት ኣብ ሓደ ጉድጓድ ኣተወ።

እቲ ኣድጊ ካብ ዝኣተዎ ህጉም ክወጽእ ፈተነ። እቲ ህጉም ዓሚቑን ሰጥ ዝበለን ብምንባሩ ብኣድጊ ክሕኮር ኣይክኣልን ነበረ። እቲ ሓረስታይ ስሒቡ ከየውጽኡ ንኣድጊ ዘስሕብ ዓቕሚ ኣይነበሮን። ብዙሕ ሓሰበ፡ ብዙሕ ከኣ ፈተነ'ሞ ኣይሰለጦን። ካብቲ መገዲ ተኣልዩ ብዙሕ ስለ ዝተጓዕዘ ዝረድኦ ከም ዘይረክብ ተረደአ'ሞ ተስፋ ቈረጸ። እቲ ዝፈትዎ ምእዙዝ ኣድጉ ኣብቲ በረኻ ኣብ ሓደ ጉድጓድ ገዲፉዎ ክኸይድ ኑብሱ ምግባር ኣበዮ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓዲጉዎ ክኸይድ ነቐለ እሞ፡ ኣራዊት በረኻ ብህይወቱ ከሎ ከሳቕይዎ ምኻኖም ዘከረ። ኑብሱ ምግባር ኣበዮ፣ ኣብቲ ዘለዎ ጉድጓድ ቀቢሩዎ ክኸይድ ወሰነ። ፈፍሒሱ ሓመድ ናብቲ ጉድጓድ ምድፋእ ጀመረ። እቲ ሓመድ ኣብ ዝባን እቲ ኣድጊ ይጸዓን'ሞ፡ እቲ ኣድጊ፡ ኑብሱ ገፍ ገፍ ብምባል ይኣልዮ ነበረ። እቲ ሓረስታይ ሕማቕ እናተሰመዖ ምድኃይ ቀጸለ። እቲ ኣድጊ ኸኣ ኣብ ዝባኑ ዘዝተጻዕነ ሓመድ ገፍ-ገፍ እናኣበለ፡ ካብ ዝባኑ ኣንሸራቲቱ ናብ ትሕቲኡ ከም ዝኣቱ ይገብር ነበረ።

ድሕሪ ናይ ከባቢ ሰዓት ድብያ፡ እቲ ሓረስታይ ኣድጊ ደብዩ ወዲኡ እንተ ኹነ ብምባል ናብቲ ጉድጓድ ተቐልቀለ። እቲ ኹሉ ዝደፍኦ ሓመድ፡ እቲ ኣድጊ ካብ ዝባኑ እናኣንሻራተተ ይረግጾ ብምንባሩ ኣስተውዓለ። ገጹ ብሓጐስ በርሀ። ብሓድሽ ሓይሊ ኩኩዒቱ ሓመድ ናብቲ ጉድጓድ ደፈአ።

ኣጋ ምሸት ምስ ኩነ እቲ ኣድጊ ዘሊሉ ክወጽኣሉ ኣብ ዝኽእል ደረጃ ምስ በጽሐ፡ ዘሊሉ ካብቲ ጉድጓድ ወጽአ።

እቲ ኣብ ዝባን ኣድጊ ዝተጻዕነ ሓመድ ከም 'ጸገምና' ንውሰዶ፣ እቲ ኣድጊ ነቲ ሓመድ ካብ ዝባኑ ነጊፉ እናረገጸ ዝብርኾ ዝነበረ ከም 'መሳልል ለውጢ' ንውሰዶ፣ እቲ ኣድጊ ካብቲ ጸልማትን ድሩቕን ጉድጓድ ናብ ብርሃንን ለምዒን ዝዘለሎ ከም 'ዘላቒ ምስግጋርና' ንውሰዶ።

Inspirationalstories.com

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሄርሞን መድሃኔ ኣብርሃም ምባል ተረፉ፥ ሄርሞን ሰዒድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2መጋባኢያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ብርሃ ተስፋልደት ኣብራ ምባል ተረፉ፥ ብርሃ ባርያጋብር ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ዊንታ ተስፋልደት ኣብራ ምባል ተረፉ፥ ዊንታ ቀለታ ጉብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ምልእተጺጋ ብርሃ ምባል ተረፉ፥ ሸዊት ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ኤልሳ ዑቕባይ ሓድገ፡ ተኸሳሲ ሳሙኤል ዑቕባይ ሓድገ፡ ውዕል ወህብቶ ምስራዝ ዝምልከት ክሲ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን10/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ብርሃ ኪዳነ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ስም ኣደይ ትምኒት ሃብተገርግስ ተስፋጺየን ምባል ተረፉ፥ ዱኳን ተስፋሚካኤል በራኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ክብራ ኣስገዶም ዑቕባስላሴ ምባል ተረፉ፥ ክብራ ጉብረሉኡል ሰገድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ሓበን ኣስመላሽ ጺጋይ ምባል ተረፉ፥ ሱራፌኤል ኣስመላሽ ጺጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

መሓመድሓምድ መሓመድ ዑስማን ምባል ተረፉ፥ ሓምድ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኤልሳ ባይሞት ተከኤ ምባል ተረፉ፥ ሸዊት ባይሞት ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ሓዳስ ተስፋሚካኤል ሓደራ ምባል ተረፉ፥ ሓዳስ የሴፍ ዓንዲት ተባሂሉ ይተኣረመለይ፥ ስም ኣደይ ድማ ርዘና ጉብረመድህን ምባል ተረፉ፥ ደብና ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጉብረሂወት የውሃንስ ምባል ተረፉ፥ ፍረሰላም የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ወ/ሮ ኣብረሽ ከሰተ ሮኽረጽየን፡ በዓል-ቤተይ ተወልደ ተኽለ ኣይመት ስለዝዋረሬ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 12 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጹሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኪዳነ ተኽስተ ወልደኣብ፡ ወለደይ ተኽስተ ወልደኣብ ጭሩምን ኣደይ ሂወት ከፈላ ጊላሚካኤልን ስለዝዋረሩ፥ ኣነ ምስ 5 ህልዋት ኣሕዋተይ 1መዋቲት ተተኳእቲ 6 ደቃ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጹልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ኣብ መንነ ከሰሲ ኣቶ ይከኑኣምላክ ጉብረማርያምን ተኸሳሲ ኣቶ ዳዊት ሃይለ መሓሪን ናይ ስም ምትሕልላፍ ማኪና ክርክር ስለዘሎ፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ኣቶ ኣሚነ ከተማ፡ በዓልቲ-ቤተይ ወ/ሮ ኣበባ መሓሪ ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጹሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ናጽነት ሓገሱ፡ ሓወይ የማነ ሓገስ ስለዝተሰወአ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ደረጋገጹለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ምጽላል ጉብረማርያም፡ ወላዲና ነ/ሄር ጉብረማርያም ንጉሰ ተኽለም ንኣዴና ነ/ሄር ጸሃይቱ ጉብረስላሴ ጉብረሚካኤል ለበዋ ስለዝገደፈላ ይጽደቐላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ ጸሃይቱ ጉብረማርያም ተስፋይ፥ በዓልቤተይ ታደሰ ከበደ ኣብርሃም ስለዝዋረሬ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጹሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዳዊት ጉብረሂወት የውሃንስ ብወከሉ ሮቤል ጉብረሂወት የውሃንስ ኣቢሉ፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሄለን ፋሲል ጉብረኣብ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጎዳይፍ

ወ/ሮ ሸዊት ፍስሃጼን ተስፋሚካኤል፡ ወለድና ኣቶ ፍስሃጼን ተስፋሚካኤል ሙሳን ወ/ሮ ሉኡ ሃብተ ሰንጋልን ስለዝዋረሩ፥ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጹልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ኣበባ ተኽሉ ትንሳኡ፡ በዓል-ቤተይ ዑቕባጽዮን ነጋሽ ጉብረዝጊ ስለዝዋረሬ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጹሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ወ/ሮ ወደኒ የሰየፍ ሙብራህቱ፡ ኣቦይ የሰየፍ ሙብራህቱን ኣደይ ጉብርኤል ጉብርሂትን ስለዝዋረሩ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጹልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ት ዳናይት መንግስ በየነ፡ ሓወቦይ ኣብርሃም በየነ ባህታ ስለዝዋረሬ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጹልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሓውሻ

ወ/ሮ ሸማይሽ ተኽለማርያም በራኺ፡ በዓልቤተይ ጉብርሂወት ኣባይ ዑቕበ ስለዝዋረሬ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጹሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


**ቀንደል**

**1.ትምህርቲ መካኒክ**

ብክእለ ሓላፍነት ብመኩሮ መማህራን
ብኢንጅነራት ዝተመረቑ ከምኡ'ውን ኣብ
ዓቢ ጋራጅ ናእሽቱን ዓበይትን መካይን ብግብራዊ
ምርኣይ ዘለዎ ፡፡

**ኣብ ጋራጅ ብግብራዊ ምርኣይ ዘለዎ**

**2.ኮምፒተር**
**3. ኣካውንቲንግ ምስ ፒችትሪ**
**4. ግራፊክስ**

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር፡፡

ኣድራሻና:- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል
ቁ.ስ. 121571 / 07111121/07325197


## ምስጋና



ብዕረፍቲ ዘፍቅራ ክብርቲ በዓልቲ-ቤተይ ወ/ሮ ሉተብርሃን ወልደሚካኤል ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ስነ ስርዓት ቀብሪ ክሳብ ዓዲ - ኮርባርያ ኬድኩም ዘቓበርኩምናን ብኣካል ብምምልላስን ካብ ወሻጥን ወጻእን ብምድዋልን ናይ ሓዘና ተኻፊልኩ ዝኾንኩም ካህናት፡ ቤተሰብ ጎረባብትን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

በዓልቤታ ኣቶ ሃይለ ዑቕበ
ምስ ደቅናን ስድራቤትናን

## ምስጋና



ብሞት ኣዴና ወ/ሮ ግደይ ጉብረወልዲ ሙሳዝጊ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ እናተመላለስኩም ዝሓተትኩሙ፡ ድሕሪ ዕረፍታ ካብ ሃገረ ሽወደን ስዩኣሎም ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩምና፡ ክሳብ ዓዲ - ደቀምሓረ ደምባዘን ዘቓበርኩምና፡ ኣብ ወሽጢ ዓድን ደገን ብኣካልን ተሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ንገልጽ፡፡

ስድራቤት ኣብርሃም ንጉሰ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት


AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ስሩዕ ክረምታዊ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ኣብ ቤ/ጽ ኣልያንስ ፍራንሰዝ ናይ ኣስመራ፥ ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 10 ሓምለ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ንፈቱ፡፡
ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ፡፡

ብደሓን ምጽኡ፡፡ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ
122605/115270
ኣድራሻና፤ ጎደኒ ቤ/ት ማይ ተሰሩ ጥቓ ዲሮባና ሬስቶራንት እዩ፡፡



**መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና**

መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ዓቢ ክረምታዊ ምጉዳል ዋጋ ብምግባር ሕጂውን ዓማዊሉ ንምሕጋስ ብምኩራት መማህራን ብጊደዮ ቱቶሪያልን ዘመናዊ መሳሪሕታት ኣሰንዩ ንኹሎም ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ኣብ ዘዘዋዕሎም ግዜ ሞያዊ ስልጠናታት ቀጺሉ ከምዘሎ ብሓጎስ ይሕብር፡፡

እንዝህሮ ስልጠናታት፥
ትምህርቲ ኮምፒተር... ...ኣካውንትን ፒችትሪ/ታሊ
ጽገና ኮምፒተር... ...ኤሌክትሮኒክስ
ግራፊክስ (CC 2017-19)... ...ኤዲቲንግ (CC 2017-19)
ካምራ ኩዕተን ... ...ጽገና ሞባይል

ሓደሽቲ ስልጠናታት (New courses)
1. Electronics level 2 (ኣብ ጽገና flat TV, DVD, Monitor ካልኦን
2. Printer and Photocopier maintenance (Analog and Digital types)
3. Graphics level 2(Illustrator and In design with CC 2017-19)
4. Editing level 2(with CC 2017-19 software)

ብተወሳኺ : 2ን ልዕሊኡን ንዘማሃሩ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ንገብር
: ንኹሎም ተማሃሮና ምትካል ደሸ ብነጻ ንምህር

ኣድራሻና፥ ንመጋዓዝያ ምቹእ ቦታ ኣብ ማእከል ከተማ ከባቢ ባር በረኸት ድሕሪ ካርተም ሆተል ጎደኒ Red sea corporation (09) እዩ፡፡
ቴሌ. 112244/07204551/07218432
ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ንኽረምቲ ጥራይ ዝጸንሕ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዙር ፈረንሳ 2023 . . .

## ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ ዝሳተፎ ውድድር 'ቱር ደ ፍራንስ' ክጀምር'ዩ

ኣብ 1903 ዝጀመረ እቲ ዝበደመ ኣዝዩን ፍሉጥን ልዑል ዝናን ዘለዎ ናይ ግራንድ ቱር ውድድር ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዙር ፈረንሳ ስሚ ዓመት ንመበል 110 ግዜኡ ዝመጽእ ቀዳም 1 ሓምለ መጋረጃኡ ክቕንጥጥ እዩ።

ዙር ፈረንሳ ኣብዚ ናይ 2023 ዕማሙ ካብ እስጳኛ ከተማ በልባኦ እዩ ክትቀል። ብመሰረት ሰሩዓት ናይዚ ውድድር ደማ እዛ ከተማ ድሕሪ 1992 ስሚ ዓመት ንሳልማይ ግዜኣ እያ ማጠበሲት ትኸውን ዘሎ። ድሕሪ ናይ 21 መድረኻት ደማ 23 ሓምለ ኣብ ፈረንሳ ከተማ ፓሪስ ብጽትዒደ ናይ ሰጣሕ ጎልጎል መድረኽ መጋረጃኡ ክዓጹ እዩ - ቱር ደ ፍራንስ 2023።

ኣብዚ ናይ ሰሚ ዓመት ውድድር፡ ኻብሲ ወከፈን ሸሞንተ ተጻወትቲ ዝሓዛ 22 ጋንታታት ዝስተፋ ኮይነን ኢንተር ማርቸ እትርከበን 18 ካብኣተን ናይ UCI World Teams (እተን ዝዓበያ ጋንታታት ናይዚ ዓውዲ) እየን። እተን ዝተረፋ ኣርባዕተ፡ ናይ UCI Pro Teams (ብኻልኣይ ደረጃ ዝስርዓ ክለባት) ኮይነን እተን ክልተ - ሎቶ ደስቲን ቶታል ኢነርጂን ኣብቲ ምድብ ዝለዓለ ደረጃ ዘለወን ክኾና እንከለዋ፡ እተን ክልተ - እስራኤል-ፕረሚር ተክን ኡኖ-ኤክስ ፕሮ ሳይክሊንግ ግና፡ ብዕድመ ኣየደይቲ እዚ ውድድር ተጻዋዕተን እየን ተሳተፍቲ ኮይነን ዘለዋ።

እቶም ሰለስተ ናይ ግራንድ ቱር ውድድር፡ ማለት ጂሮ ዲ ኢጣልያ፡ ቮልታ እስጳኛን ቱር ደ ፍራንስን 21 መድረኻት ከምዝሽፍኑ ይፍለጥ። ኣብዚ ናይ ሰሚ ዓመት ዙር ፈረንሳ ከኣ ተጻወትቲ ኣብ 21 መድረኻት ብድምር 3,404



ኪሎሜተር ክጉዓዙ ተመዲቡ ኣሎ።

**ድሕረባይታ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ናይዚ ውድድር**

ታሪኽ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብዚ ውድድር ምስ እንብርብር፡ ቀዳምና እንረኽቦም ኣሎምፒኳውያን ተቐዳደምቲ ዳኒኤል ተኽለሃይማኖትን መርሃዊ ቅዱሱን እዮም። እዞም ተቐዳደምቲ፡ ኣብ 2015 ማልያ ዳይመንሽን ዳታ ለቢሶም ንፈለማ ግዜ ኣብዚ ውድድር ዝተቐልቀሉ ኤርትራውያን ብምዃን ሓዳሽ መድረኽ ዝኸፈቱ እዮም።

ኣብቲ እዋን፡ ብሳታፌ እዞም ተቐዳደምቲ እተቐስቀሰ ስፖርታዊ ስምዒት'ውን ቀሊል ኣይነበረን። ብፍላይ ዳኒኤል፡ ኣብ ሻድሻይቲ መድረኽ ኣንበሳ ዓቕብ ተባሂሉ መድረኽ ምስ ደበ፡ ክጽዋዕ ኤርትራ፡ ንኣፍሪቃ'ውን ዘሐበነ ታሪኽ ሰሪሑ እዩ። ዳኒ ንፈለማ ግዜ ንጉስ ዓቐብ ተባሂሉ ዝ ማልያ ዝለበሰ ኣፍሪቃዊ ብምዃኑ እዩ፡ ንኽሎም ኣፍሪቃውያን ተቐዳደምቲ ብፍላይ ንኤርትራውያን በሪ ዓወት ግራንድ ቱር ኣርሒወሎም። ዳኒኤል፡ ነዛ ቀያሕን ጻዕዳን ነጠብጣብ ማልያ (ፖልካ ጀርሲ)፡ ክሳብ ፍሩም ኣብ 10ይቲ መድረኽ ክሳብ ዝምንጥሎ ንኣርባዕተ መድረኻት ለቢስዋ ነይሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዳኒኤል፡ ኣብ 2016 ስታፊኡ ክረጋግጽ እንከሎ፡ ኣብ ዳይመንሽን ዳታ ወዲ ጋንታኡ ዝነበረ ናትናኤል ብርሃነ ኣሰሩ ሰዒቡ ሳልሳይ ኤርትራዊ ዝተሳተፈ ኮይኑ እዩ። ናትናኤል፡ ኣብ 2019 እውን ምስ ሓዳስ ክለቡ ክፈደስ ብምዃን እቲ ኤርትራዊ ኮይኑ እንክስተፍ፡ ኣብ ኣንበሳ ዓቕብ መበል 23 ደረጃ ሒዙ ምዝዛሙ ሰዓት እቲ ውድድር የረድእ።

**ኣብዚ ዓመት**

ኣብዚ ናይ ሰሚ ዓመት ውድድር ማለት ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ናይ ናትናኤል ሰታፊ፡ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኢንተርማርቸ ዋንቲ - ቢንያም ግርማይ፡ ንጋንታኡ መሪሑ ክወዳደር ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ። ቢንያም፡ ኣብዚ ግርማሽሽ ውድድር ንምስታፍን እኹል ናይ ዕረፍቲ ግዜ ንምርካብን ኢሉ፡ ብኣፍልጦ ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና ኣብ ሻምፕዮን ኤርትራ 2023 ከምዘይተቐዳደመ ይዝከር።

እዚ እናዓንበበ ዝኸይድ ዘሎ መንእሰይ ተቐዳዳማይ፡ ኣብዚ ውድድር ናይ መድረኽ ዓወት ንምምዝጋብ ከምኡ'ውን ኣብ ሓፈሻዊ ውድድር (ብዋጊ ማልያ ንምዕዋት ኣብ ዝግበር ቅልስ) ምስ ላዕለዎት 10 ንኽሰርዕ ዓሊሙ እዩ ክኣቱ።

"ቀንዲ ዕላማኡ ናይ መድረኽ ዓወት ምምዝጋብ እዩ። ዝ ንምትግባር ከኣ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ልምምድ ክገብር ኣና ጸኒሕና። ንሕና'ውን ከም ጋንታ ምስ ላዕለዎት 10 ንምውዳእ ከንፍትን ኢና። ንቢንያም ከኣ ኩሉ ዘድልዮ ደገፍ ክንህቦ ኢና።" ድማ ይብል ዳይረክተር ስፖርት ናይታ ጋንታ ኣይክ ሽስቤክ። በኒያም ብወገኑ "ናይ ሰሚ ዓመት ዙር ፈረንሳ ንዓይን ንኤርትራን ዓቢ ክኸውን እዩ።" ኢሉ።

ቢንያም ግርማይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ጂሮ ዲ ኢጣልያ ናይ መድረኽ ዓወት ብምምዝጋቡ፡ "ናይ ፈለማ ጸሊም ኣፍሪቃዊ ናይ መድረኽ ዓወት ዘመዝገበ" ተባሂሉ ታሪኽ ሰሪሑ እዩ። ኣብዚ ዝዓቢ ናይ ግራንድ ቱር ውድድር ከኣ ተወሳኺ ታሪኽ ክሰርሕ ትጽቢት ይግበረሉ። ቢንያም፡ ቅድሚ ውሱናት ዓመታት ኣብ ዝኾ መግለጺ'ውን፡ ኣብ ቱር ደ ፍራንስ ክጽዋ ምስታፍ ናይ መድረኽ ዓወት ምምዝጋብ ወጥን ከምዘለዎ ተዛሪቡ ነይሩ እዩ። ድልየቱን ሕልሙን ክስምረሉ ከኣ ምጽዋትና ንገልጸሉ።



ዳኒኤል፡ ኣብ 2015 ማልያ ኣንበሳ ዓቕብ ምስ ለበሰ

## ውድድራት 'እዚ ተወርዋሪ' ተዛዚሙ

"ስፖርት ኣካል ታዕሊምን ፖሊቲካን እዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ክካየድ ዝወርሐ ስፖርታዊ ቅን 'እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ'፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሊጣን ተዛዚሙ።

ኣብቲ ዕለት፡ ኣዛዚ እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ብርጋዴር ጀነራል ሓዳሽ ኤፍሬም፡ ሓለቓ ስታፍ እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ብርጋዴር ጀነራል ፍጹም ገብረሂወት፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ዕዱማት ኣጋይሽን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብቲ ውድድር፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ሓረፍን ቶኮርን እየን ቀዳመን ተጋጢመን። ሓረፍ ከኣ ብጠፊሕ 4፡0 ተዓዊታ። ሓረፍ፡ ኣብዚ ውድድር ዓበላሊት ኮይና'ኳ እንተቐረበት፡ ደረጃኣ ንምዕቃብ እምበር ንሽልማት ኣይተጻወተትን። ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ እተን ወህሊል ነጥቢ ዝበረን ቶኮር፡ ኣልጌን ባርዕ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ባርዕ ዛራን መደሕንን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺአን። ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ባርዕ ዛራ፡ ብደሀ፣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ባርዕ ብደሀ፡ ዛራ ቀዳሞት ሰለስተ ኮይነን ተዓዊተን። ብተመሳሳሊ ከኣ ቀዳመይቲ ዋንጫን ወርቂ መዳልያን ካልኣይቲ ብሩር መዳልያ፡ ሳልሰይቲ ድማ ኑሓስ መዳልያ ተሸሊመን።

ብዘይካ'ዚ፡ ዕውታት - ጉያ፡ ዝላ መሬት፡ ልዕለት ዝላ፡ ጭማራ፡ ዲስኩስ፡ ጨምተ ተኸሲን ዓረር፡ ከምኡ'ውን ብሉጻት ተጻወትቲ፡ ናይ ጠባይን ጉብለልን ዝኾኑ ካብ ብርጋዴር ጀነራል ሓዳሽ ኤፍሬም፡ ብርጋዴር ጀነራል ፍጹም ገብረሂወትን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ተቐቢሎም።





## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ንዴክላን ራይስ ንምፍራም ኣቐዲማ ዘቐረበቶ ክልተ ጠለባት ብጋንታኡ ዌስትሃም ዝተነጸጋ ኣርሰናል፡ ትማሊ ንሳልሳይ ግዜኣ ናይ 105 ሚልዮን ፓውንድ ሕቶ ኣቕሪባ። እዚ ሕቶ ተቐባልነት እንተረኺቡ፡ ራይስ ምስቲ ዝኸበረ ብሪጣንያዊ ተጻዋታይ ኮይኑ ዝርከብ ጃክ ግሪሊሽ ክመዓረረ እዩ። ዌስትሃም፡ ኣቐዲማ ካብ ማን ሲቲ ዝመጽኣ ናይ 90 ሚልዮን ፓውንድ ሕቶ ኣጺጋቶ እያ።

* ኣንድሪያ ፒርሎ፡ ኣሰልጣኒ ሳምፕዶሪያ ኮይኑ ተመዚዙ። ኣብ 2021 ካብ ጁቬንቱስ ኣብዛ ዓመት ከኣ ካብ ቱርካዊት ክለብ ፋቲሕ ካራጉምሩክ ዝተባረረ - ፒርሎ፡ እዛ ኣብ ሰሪኢ (ኣብዛ ወቕቲ ናብ ሰሪኣ ናብ ካልኣይ ደቪዥን ኢጣልያ ወሪዳ) እትጻወት ክለብ ኣብ ናይ ምስልጣን ጉዕዞኡ ሳልሰይቲ ጋንታ ክትከውን እያ።

* ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ቦሩሽያ ሞንሸንግላድባች - ማርከስ ቱራም፡ ብናጻ ናብ ኢንተር ሚላን ተሰጋጊሩ። ቱራም፡ ዋላኳ ብፒኤስጂ ተጉዳሲት ረኺቡ እንተነበረ፡ ንኢንተር ሚላን ብምምራጽ ንሓሙሽተ ዓመታት ክጸልዋ በርን ወረቐትን ኣራኺቡ ኣሎ።

* ሓላዊ ልዳት ቸልሲ - ኤደዋርዶ መንዲ፡ ናብ ስዑዳዊት ክለብ ኣል ኣህሊ ክጽንበር ኩሉ ስምምዓት ምውዳኡ ተገሊጹ። ቸልሲ፡ ካብ ሺያጥ ናይዚ ሴኔጋላዊ ክሳብ 17 ሚልዮን ፓውድን ክትረክብ ምዃና ይግለጽ። ንመንዲ ወዲ ጋንታኡን ወዲ ሃገሩን ዝኾነ ኩሊባሊ፡ ከምኡ'ውን ፈረንሳዊ ካንተ፡ ኣቐዲሞም ናብዚ ሊግ ተጸንቢሮም እዮም። ዚያች እውን ኣብ ኣፈፌት እዩ ዝርከብ።

## ኣባሓኒ - ገስጋስ ዘይተሰዓርነት ሳቡር ዓንቂጻ

ውሽጣዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ዝሓለፈ መዓልታት ብኵዕሶ እግሪን መርበብን ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብ ኵዕሶ እግሪ፡ ሳቡር ብኽልቲኡ ጸታ ኣንጻር ዓራግን ኣባሓኒን ተፋሊማ። ኣባሓኒ ከኣ፡ ገስጋስ ዘይተሰዓርነት ሳቡር ብምኽታም ናይ ቀዳማይ ዙርያ ሕነኣ ፈድያ። እዛ ጋንታ፡ ካብ ሰሚር ሱሌማን ብዝረኸበታ ሸቶ እያ ናብ ፍጻመ ክትሰግር ክኢላ። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ግና፡ ዓብላልነት ሳቡር ኣየብቀዐን። ክልተ ካብ ሩታ ሙሴ፡ ሓንቲ ከኣ ካብ ልኡል ዑቕባይ ብዘመዝገበቶን ሸቶታት ኩበራ ዓቂባ ናብ መዛዘሚ ክትሰግር ክኢላ። ብዘይካ'ዚ፡ ሂምቦል፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣንጻር ዒታሮ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ኣንጻር ዓራግ ተራኺባ ነይራ። ሂምቦል፡ ብፍጹም ቅላዕ ተዓዊታ ኣብ ክልቲኡ መደብ ናብ ፍጻመ ሓሊፋ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ውድድር ኣትለቲክስ'ውን ተኻይዱ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ናይ ብራኸ ዝላ ሄኖክ ኣስመላሽ - ዓራግ፡ ጺጋይ ዘርእዝጊ - ኣባሓኒ፡ ባሻይ መሓመድ - ሳቡር ተዓዊቶም። ኣብ መሬት ዝላ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰላም ግደይ - ሂምቦል፡ ሳምራዊት ዓንደሚካኤል - ሳቡር፡ ፍረወይኒ ቴድሮስ - ዒታሮ ክዕወታ እንከለዋ፡ ሽደን ሓጎስ - ዒታሮ፡ ቢንያም እምሃ - ሂምቦል፡ ዓድል ዓብደላ - ዒታሮ እውን ጸብለል ኢሎም።

ኣብ ዳርባ ጭማራ፡ ሰዚ ጺጋይ - ሳቡር፡ ሚርያም ሃብተሚካኤል - ሂምቦል፡ ሮዳስ ዑቕባገርግሽ - ዒታሮ ክዕወታ ከለዋ፡ ሰመረኣብ ኢሳያስ - ዒታሮ፡ ፋኒኤል ክፍሎምን ኣማኑኤል ጎጆን - ሳቡር ተዓዊቶም። ኣብ ዳርባ ዲስኩስ፡ ኤልዳና ሙሴ - ሂምቦል፡ ሮዳስ በራኺ - ሳቡር፡ ሊድያ ሓይልዝጊ - ዒታሮ፣ ሳሙኤል ከሰተ - ሳቡር፡ ሰመረኣብ ኢሳያስ - ዒታሮ፡ ባሻይ መሓመድ - ሳቡር ብኽልቲኡ ጾታ ተዓዊቶም። ኣብ ዳርባ ዓረር ከኣ፡ ሰዚ ጺጋይ - ሳቡር፡ ሮዳስ ዑቕባገርግሽ



- ዒታሮ፡ ሚሎዲ ሰናይ - ዒታሮ፣ ሳሙኤል ከሰተ - ሳቡር፡ ህንጻ ሳሙኤል - ዒታሮ፡ ኣብርሃለይ ማህደር - ኣባሓኒ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ጸብለል ኢሎም።

ኣብ ጉያ እግሪ 100 ሜትሮ፡ ሉልያ ወልደየሃንስ - ዓራግ፡ ራሄል ብርሃነ - ሳቡር፡ ሰላም ግደይ - ሂምቦል፣ ሽደን ሓጎስ፡ ዑስማን ሱሌማንን የናስ ቢንያምን ካብ ዒታሮ ተዓዊቶም። ኣብ 200 ሜትሮ፡ ብተመሳሳሊ፡ ሉልያ፡ ራሄልን ሰላምን ተኸታቲለን ክስዕራ እንከለዋ፡ ሽደን፡ ዑስማንን ሚልኪያስን - ዒታሮ መበራሁቱ ካብ ዓራግ ዕዉታት ኮይኖም።

ኣብ ናይ 400 ሜትሮ፡ ፊልሞዊት ኣብርሃ - ዓራግ፡ ፍረወይኒ ቴድሮስ - ዒታሮ፡ ያስሚን ጀማል - ኣባሓኒ፣ ቢንያም ክፍለን ሰዓረ ኪሮስን - ሳቡር፡ ናኦድ ዋሴ - ዒታሮ ሰዒሮም። 800 ሜትሮ፡ ሚሪ ተከኤ - ዒታሮ፡ ኣበባ መሓሪ - ሳቡር፡ ሊድያ ሓይልዝጊ - ዒታሮ፣ ቢንያም ክፍሉ፡ ኣማኑኤል ጎጆን ሓበን ዘርኣይን ከኣ ጸብለል ኢሎም።

ኣብ 1500 ሜትሮ፡ ግርማይ ፍስሃየ - ሳቡር፡ ክፍላይ በረኸት - ዒታሮ፡ ኣማኑኤል ጎጆ - ጸብለል ኩበሉ ከለው፡ ኣብ 5000 ሜትሮ ግርማይ ፍስሃየ - ሳቡር፡ ክፍላይ በረኸት፡ ተስፋልደት ጎይትኦም - ዓራግ ሰዒሮም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 10,000 ሜትሮ ብርሃነ ነጋሲ፡ ደጎል፡ ተኸሉ ከምኡ'ውን መሓሪ ሰለሙን ዓንዘርብብ ተዓዊቶም።

በዚ መሰረት፡ ብሓፈሻዊ ውጽኢት ኣብ መደብ ደቂ ኣንስትዮ ሳቡር 56 ነጥቢ፡ ዒታሮ 53፡ ሂምቦል 30፡ ዓራግ 26፡ ኣባሓኒ 10 ነጥቢ ኣዋህሊለን። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ሳቡር 99፡ ዒታሮ 92፡ ዓራግ 26፡ ኣባሓኒ 15፡ ሂምቦል 7፡ ሓለቡት 3 ነጥቢ ረኺበን። ዕዉታት ከኣ ናይ ገንዘብን መዳልያን ሽልማት ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ኣባላት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ምቕባሎም ጸብጻብ እቲ ውድድር የረድእ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ኣብ ኣመሪካ ሕማም ዓሶ ተኸሲቱ



ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ድሕሪ 20 ዓመት ንፈለማ ግዜ ሕማም ዓሶ ተኸሲቱ ከምዘሎ፡ ሰብመዚ ጥዕና'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ብመሰረት እቶም ሰብመዚ ጥዕና፡ ኣብ ክፍላተ-ሃገር ፍሎሪዳን ቴክሳስን ብድምር ሓሙሽተ ሰባት ብሕማም ዓሶ ተለኺፎም ተረኺቦም።

ድሕሪ'ቲ ክስተት፡ ኣብ ክልተአን ክፍላተ-ሃገር ጣንጡ ንምጥፋእ ብዘፈርቲ መድሃኒት ናይ ምንጻግ ሰፊሕ ንጥፈታት ተጀሚሩ ከምዘሎ፡ እቶም ሰበስልጣን ወሲኾም ኣመልኪቶም።

ብመሰረት ጸብጻብ ጥዕና ኣመሪካ፡ ኣብ'ቶም ካብ መገሻኦም ናብ ኣመሪካ ዝምለሱ ተገዓዝቲ ዓመታዊ ኣሽሓት መልክፍቲ ዓሶ'ኳ ዝርአ እንተኾነ፡ እቲ ሕማም ኣብ ውሽጢ'ታ ሃገር ክላበዕ ግን ድሕሪ 2003 ሕጂ ንፈለማ ግዜ እዩ።

ኣብ 2003፡ ኣብ ፍሎሪዳ ሸሞንተ ሰብ ብዓሶ ተለኺፎም ምንባሮም፡ ናይ ሽዑ ጸብጻብት ይሕብሩ።

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ኣመሪካ ኣብዚ እዋን ምስ ምእታው ክረምቲ ብርቱዕ ሙቐት ተኸሲቱ ብምህላዉ፡ ከሎም ማይ ዝዋቐረሎም ከባቢታት ቀንዲ መራብሒ ጣንጡ ኩይናም ከምዝለዉ'ዩ ዝገልጽ።

ውድብ ጥዕና ዓለም ከምዝሕብሮ፡ ኣብ 2021፡ ብደረጃ ዓለም ኣስታት 247 ሚልዮን መልከፍቲ ዓሶ ተመዝጊቡ ነይሩ።

ካብኡ፡ እቲ ልዕሊ 50% ኣብ ኣርባዕተ ሃገራት ኣፍሪቃ ማለት - ናይጀርያ፡ ዲ.ሪ.ኮንጎ፡ ታንዛንያን ኒጀርን ዝተራእየ እዩ ነይሩ።

ኣብቲ ዓመት'ቲ፡ ካብ'ቶም ቡቲ ሕማም ዝተለኽፉ ሰባት ኣስታት 620 ሽሕ (619,000) ከምዝሞቱ፡ ጸብጻብ ናይቲ ውድብ ይጠቅስ።

## መክሲኮ - 14 ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብዕጡቓት ተጨውዮም

ኣብ ክፍለ-ሃገር ቺያፓስ (ደቡባዊ ክፋል መክሲኮ)፡ ኣባላት ሚኒስትሪ ጸጥታ ምኳኖም ዝተሓበረሎም 14 ሰራሕተኛታት፡ ኣብ መንገዲ ብዕጡቓት ከምእተጨውዩ ተገሊጹ።

እቶም ኣብ ምምሕዳር ናይ ሓደ መደበር ፖሊስ ተመዲቦም ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት፡ ብምሉኦም ደቂ-ተባዕትዮ ኩይኖም፡ ዝሓለፈ ሰሉስ እዮም ካብታ 'ታክስትላ ጉቲረዝ' ዝተባህለት ናይታ ዞባ ዋናኸተማ ኣስታት 34 ኪሎሜተር ምስ ተጓዓዙ ብዕጡቓት ተጨውዮም።

ሚኒስትሪ ጸጥታ መክሲኮ ድሕሪ'ቲ ፍጻመ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ከምዚ ዝበለ ተርእዮ ቅድሚ ሎሚ ኣብታ ሃገር ኣጋጢሙ ከምዘይፈልጥ ድሕሪ ምምልካት፡ እቶም ዕጡቓት ነቲ ጭውያ ዝፈጸምሉ ምኽንያት ንምፍላጥ መርመራ ይካየድ ከምዘሎ ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ነቶም ተጨውዮም ዘለዉ ሰራሕተኛታት ንምርካብ'ውን፡ ሓይሊታት ጸጥታ ፈደራልን ናይታ ክፍለ-ሃገርን ሰፊሕ ናይ ምድላይ ስርሒት ጀሚሮም ከምዘለዉ ገሊጹ።

ገለ ማዕከናት ዜና መክሲኮ፡ ጥይት ዘይበስዮ ድርዒ ጅለ ዝወደዩ ዕጡቓት፡ ኣብ ጽግዕያ ንብዙሓት መካይን ደው ኣቢሎም ጠበናጁኦም እናወጣወጡ ንተሳፈርቲን ከውርዱዎም እንከለዉ ዘርኢ ተንቀሳቓሲ ስእሊ (ቪድዮ) ዘርጊሐን ኣለዋ።




ቤት-ጽሕፈት ዋና ኣኽባር ሕጊ ድማ፡ ሓቅነት ናይቲ ቪድዮ ንምርግጋጽ ይምርምሮ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ብመሰረት ጋዜጣታት መክሲኮ፡ እቶም ዕጡቓት ነተን መካይን ምስ ዓገቱወን፡ ነቶም ደቂ-ተባዕትዮ ዘበሉ ቴሌፎናቶም መንጠሎም ክወስዱዎም እንከለዉ፡ ነተን ደቂ-ኣንስትዮ ግን ናጻ ገዲፎመን።

መክሲኮ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ብደረጃ ዓለም ዝለዓለ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ዝረኣየለን ሃገራት ከምዝኾነት፡ ጸብጻብት የመልክቱ።

## ማሊ - ተልእኾ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ሕ.ሃገራት የብቅዕ

ኣብ ማሊ ተዋፊሮም ዝርከቡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ወተሃደራት ዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት፡ ጸባሕ ዓርቢ 30 ሰነ ተልእኾኦም ብወግዒ ከብቅዕ ምኻኑ ተገሊጹ።

እዚ ዝገለጽ ዘሎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ማሊ ዓብዶላየ ዲዮፕ፡ እቲ ወተሃደራዊ ሓይሊ ሰላምን ርግኣትን ማሊ ኣብ ምርግጋጽ ዝዋዕኦ ተራ ከምዘይተጻወተ ብምኽሳስ፡ ኪይደንጎየ ካብ ሃገሩ ክወጽእ ድሕሪ ምጽዋዑ እዩ።

ምስ ወተሃደራዊ መንግስቲ ማሊ ንዓመታት ክሰሓሓብ ዝጸንሐ ሕቡራት ሃገራት፡ ብዝዕባዚ ዝበሎ'ኳ እንተዘየለ፡ ፈረንሳ ግን፡ እቲ ብ13 ሽሕ ወተሃደራት ዝቖመ ሰራዊት ሕቡራት ሃገራት ካብ ማሊ ጠቕሊሉ ንኽወጽእ፡ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ግዜ ክወሃቦ ዝጠልብ እማመ ናብ ባይቶ ጸጥታ ኣቕሪባ ምህላዋ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ጸብጻብት ከምዝሕብሩዎ፡ ማሊ ኣብ መሬታ ንዘንቀሳቐሱ ሸበራውያን ዕጡቓት ንምቕላስ፡ ኣብ 2021 ምስቲ 'ዋግነር' ዝበሃል ብዕስባት ወተሃደራት ሩሲያ ዝቖመ ብሕታዊ ወተሃደራዊ ውድብ ድሕሪ ምስምማዓ፡ እቲ ኣብ 2013 ዝኣተወ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ተልእኾኡ ንኸይፍጽም ብዙሕ ዕንቅፋታት ክገጥሞ ከምዝጸንሐ'ዩ ዝንገረሉ።

ብመሰረት ሰበስልጣን ሕቡራት ሃገራት፡ ፈረንሳ ኣዳልያቶ ዘላ እማመ፡ እቲ ሰራዊት ክሳብ 31 ታሕሳስ 2023 ኣብ ማሊ ክጸንሕ ዝጠልብ ኩይኑ፡ ሎሚ ሓሙስ እተን 15 ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ድምጺ ክህባሉ ትጽቢት ኣሎ።

ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ተልእኾ ምዕቃብ ሰላም ማሊ ዛጊት ልዕሊ 170 ወተሃደራት ተቐቲሎሞ ከምዝለዉ ይገልጽ።




## ፕረዚደንት ናይጀርያ፡ ብ120 መካይን ምዕጃቡ ንብዙሓት ኣሰደሚሙ

ዝሓለፈ 29 ግንቦት በትረ-ስልጣን ዝጨበጠ ሓድሽ ፕረዚደንት ናይጀርያ ቦላ ኣሕመድ ቲኑቡ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ምሸት ኣብ ከተማ ሌጎስ ብ120 መካይን ተዓጂቡ ናብ ቤተ-መንግስቱ ከምርሕ ድሕሪ ምርኣዩ እቲ ጉዳይ ኣብ ብዙሓት ወገናት ናይጀርያ መዛረቢ ኣርእስቲ ኩይኑ ከምዘሎ ቢ.ቢ.ሲ. ጸብጺቡ።

እቲ ወዲ 71 ዓመት ፕረዚደንት፡ ኣብ ፈረንሳን ብሪጣንያን ክካየዶ ዝቐነየ ዑደት ፈጺሙ ኣብ ዝተመልሰሉ እዋን'ዩ እተን መካይን ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ሌጎስ ተቐቢለንኦ።

ናይጀርያውያን ወገኑቲ መካይን ብኩቢሪ ዋጋ ነዳዲ ተሸጊሮም ኣብ ዘለዉሉ እዋን፡ እቲ ሓድሽ ፕረዚደንት ካብ ቦኽሪ መገሻኡ ኣብ ዝተመልሰሉ እዋን ብኸንደዚአን ዝኣክል መካይን ክዕጀብ ምኽኣሉ ዘተሓሳስብ ምኻኑ፡ ብዙሓት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝጥፍኡ ናይጀርያውያን ርእይቶኦም ይህቡሉ ኣለዉ።

ካልኦት ወገናት ድማ፡ እቲ ተርእዮ፡ ኣብ ናይጀርያ ዝሎ ከቢድ ጸጥታዊ ስግኣት ዘንጸባርቕ ምኻኑ ይገልጹ።

ቦላ ኣሕመድ ቲኑቡ ዝሓለፈ 25 ለካቲት ኣብ ዝተኻየደ ኣካታዊ ፕረዚደንታዊ ምርጫ'ዩ 8.8 ሚልዮን ድምጺ ብምርካብ ክዕወት ክኢሉ።




## ፈረንሳ - ብተግባራት ፖሊስ ዝተቐጥዑ ነበርቲ ፓሪስ ናዕቢ የካይዱ

ኣብ ጎደናታት ፓሪስ፡ ኣብ መንጎ ነበርቲ ናይታ ከተማን ፖሊስ ፈረንሳን ግጭት ከምእተወለዐ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ፖሊስ ፈረንሳ ኣብ ከባቢታት ፓሪስ ኣብ ልዕሊ ሓደ ኮተቴ ንዘወሰዶ ናይ ቅትለት ተግባራት ብምቅዋም ዝተኻየደ ናዕቢ፡ ሰልፈኛታት መካይን ከምዝቃጸሉን ኣብ ጎደናታት ንዝዘተኾለ መጸበዩ ኣውቶብሳት ከምዝዐነዉን ምንጮታት'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ነበርቲ ከተማ ፓሪስ፡ ሓደ ኣባል ፖሊስ ኣብ ልዕሊ'ቲ ንትእዛዙ ዝጠሓሰ መራሕ መኪና ኮተቴ ዝወሰዶ ናይ ቅትለት ስጉምቲ ግጉይ ምኻኑ ብምግላጽ እዮም ተቓውሞኦም ዘስምዑ ዘለዉ።

እቲ ናይ ክራይ መኪና እናዘወረ ሓያሎ ሕግታት ትራፊክ ዝጣሓሰ ኮተቴ፡ ደው ክብል ብፖሊስ ንዝቐረበሉ ትእዛዝ ሸለል ኢሉ መንገዱ እናቐጸለ ከሎ እዩ ካብ ፖሊስ ብዝተተኮሰሉ ጥይት ተወቒዑ ሞይቱ።

ኣብቲ ካብ ከተማ ፓሪስ ኣስታት 10 ኪሎሜተር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ከባቢታት ዝተፈጸመ ኣቀታትላ ናይቲ ኮተቴ ዘርኢ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ድሕሪ ምዝርግሑ፡ ኣሽሓት ፈረንሳውያን ኣብ ጎደናታት ቀንጢዖም ይገልጹ ከምዘለዉ'ዩ ዝሕበር።

እቲ ኣብ ፓሪስ ኣብ መንጎ ሰልፈኛታትን ፖሊስን ዝቐጸለ ዘሎ ግጭት እናሓየለ ይመጽእ ከምዘሎ'ን ዛጊት 9 ሰልፈኛታት ከምእተኣስሩ ፖሊስ ፈረንሳ ገሊጹ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ፈረንሳ ምስ ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ብዝተኣሳሰር 13 ሰባት ብፖሊስ ከምእተቐትሉ ጸብጻብት የመልክቱ።



ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 29/06/2023 | ጎደና እምበረሚ 755፡ ከባቢ ሚኒስትሪ ሕርሻ | 181672
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565